# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ.138 ቀዳም 8 ለካቲት 2025 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ስለምንታይ ፊዚክስ ንምሃር

ገጽ 3

ስርሒት ፈንቅል
ገጽ 5
ሞራላዊ ግዴታ

ገጽ 6
ስብ፡ ታሪኽን መገድን

ገጽ 11
ኣህጉራዊ ውድድር ፍርቂ . . .


## ብምኽንያት ዝኽሪ ስርሒት ፈንቅል፡ ውድድር ፍርቂ ማራቶን ምብራቕ ኣፍሪቃ ተኻዪዱ

ብምኽንያት ዝኽሪ መበል 35 ዓመት ስርሒት ፈንቅል፡ ብሃገራዊ ፌደረሽን ኣትሌቲክስ ኤርትራ ዝተወደበ ውድድር ፍርቂ ማራቶን ምብራቕ ኣፍሪቃ፡ ትማሊ ቅድሚ-ቐትሪ ኣብ ባጽዕ ተኻዪዱ።

ኣብዚ ኣትሌታት ኤርትራ፡ ኡጋንዳ፡ ኬንያን ደቡብ ሱዳንን ዝተሳተፍዎ ውድድር፡ ካብ ክልተኡ ጾታ ብድምር 89 ኣትሌታት ተሳቲፎም።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ ናይ ደቂተባዕትዮ ውድድር - ኦሎምፒካዊ ኣትሌት ሳምሶን ኣማረ ካብ ክለብ ዞባ ደቡብ ንመበል ሳልሳይ ተኸታታሊ ዓመት ቀዳማይ ኮይኑ ክዕወት ከሎ፡ ኣትሌታት ኣፈወርቂ ብርሃነ ኡጋንዳዊ ሲላስ ቦሺን (Silas Boshi)ን ካልኣይን ሳልሳይን ተርታ ሒዞም።

ናይ 10 ኪሎሜተር ውድድር ካብ ዘተፈዳ ኣትሌታት ድማ፡ የርዳኖስ ሃይለስላሰን ዶልሺ ተስፉን ካብ ክለብ ደንደን (ሚኒስትሪ ምክልኻል) ቀዳመይትን ካልኣይትን፡ ኣትሌት ማርያ ዓሊ ካብ ክለብ ዞባ ማእከል ድማ ሳልሰይቲ ብምዃን ውድድራ ዛዚማ።


ስእሊ- ክብሮም ጸሃየ

ብዚዩካዚ፡ ኣብ ውድድር ፓራኣለምፒክ - ኣትሌታት ስዑዙቱ ከሰተ፡ ቴድሮስ ኣረጋይን ተስፋህይወት ተኽለን ኣብ ቀዳማይ ክሳብ ሳልሳይ ደረጃ ብምውጽኦ ተዓዊቶም።

ኣብ መወዳእታ ንዕወታት ዋንጫን ገንዘባዊ ሽልማትን ንኣተየድቲ ኣካላት ድማ ወረቐት ምስጋና ተዋሂቡ።

ካብ 26 ጥሪ ኣትሒዙ ብስፖርታዊ ውድድራት ዝሰለጠ መደባት መበል 35 ዓመት ዝኽሪ ስርሒት ፈንቅል፡ ብዝተፈላለየ ትሕዝቶ ክሳብ ሰንበት 9 ለካቲት ክቕጽል'ዩ።

## ኣዛዚ ፖሊስ ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ፡ ምስ ተመሃሮ ኣፋምቦ ኣብ ምክልኻል ገበን ዘትዩ

ኣዛዚ ፖሊስ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ሌተናል ኮሎኔል ጎይትኦም ጉብረጻድቕ፡ ካብ ኣርባዕተ ናይ ካልኣይ ደረጃ ኣብያተ-ትምህርቲ ምስ ዝተዋጽኡ ተመሃሮ ብ1 ለካቲት ኣብ ኣፋምቦ ኣብ ዝገበሮ ርክብ፡ ኣብ ምክልኻል ገበናትን ሓደጋታትን ዘትዩ።

ተመሃሮ ኣፍልጦኦም ኣብ ሕጊ በርኺ ብክብርታት ሕብረተሰቦም ተማእዚዞም ምስ ዝመላለሱ፡ ኣብ ምክልኻል ገበን ኣገዳሲ ኣበርክቶ ከምዘበርክቱ ዝሓበረ ሌተናል ኮሎኔል ጎይትኦም፡ ኣብ ገበናዊ ሕጊ ኤርትራ ዘተኩረ መብርሂ ሂቡ።

ገበናት ኩሉ በደላት፡ ሰላም ሕብረተሰብ ዝዘርግን ቁጠባ ዘዕኑን ከምዘኸትሉ፡ ብተመሃሮ ምስ ዝፍጸም ድማ ካብ መኣዲ ትምህርትን ፍልጠትን ዘርሕቑን ዝያዳ ክሳራ ዘኸትልን ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ንቑሕ ተሳትፎ ተመሃሮ ከዕዝዝ ኣዘኻኺሩ።

ሌ/ኮሎኔል ጎይትኦም ጉብረጻድቕ ኣብ መወዳእታ፡ ዕላማን ኣገዳስነትን ሕግን ምኽባር ሕግን ብምግላጽ፡ ሕጊ ብዘይምፍላጥ ዘጋጥም ጥሕሰታት ካብ ተሓታትነት ስለዘየድሕን፡ ተመሃሮ ሕግታት ትራፊክ ክፈልጡን ከተግብሩን ተላብዩ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ኣብ ቤት-ትምህርትን ካብ ቤት-ትምህርቲ ወጻእን ዝቐርብ ተመሃሮ ኣስተምህሮታት ብዝተደለ ክቕጽል ተማሕጺኖም።

## ዓንሰባ - ተመሃሮ፡ ናብ ታሪኻዊ ድፋዓት ገንፈሎም ዑደት ኣካይዶም

ኣብ ዞባ ዓንሰባ ካብ ኩለን ንኡሳን ዞባታት ዝተዋጽኡ ተመሃሮ 2ይ ደረጃ፡ ናብ ታሪኻዊ ድፋዓት ገንፈሎም ዑደት ኣካዪዶም።

እቲ ብ5 ለካቲት ዝተኻየደን ኣስታት 170 መንእሰያት ዝተሳተፍዎን መደብ፡ ትረኻ ብሱብ ውዕሎን መደብ ዋርሳን ዘጠቓለለ ምንባሩ፡ ወኪል ኤረና ሓቢሩ።

ሓላፊ ጨንፈር ሃማመተኤ ኣቶ ኣዛዚ በርኸትኣብ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ተመሃሮ ታሪኾም ከምዝፈልጡ ምግባር ካብ'ቲ ማሕበር ብቐጻምነት ዝሰርሓሉ ዘሎ መደባት ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ናብ'ቶም ታሪኽ ዝተፈጸመሎም ቦታታት ብኣካል ብጺሕካ ታሪኽ ብቐረባ ክትፈልጥ ዝያዳ ኣርባሒ ምዃኑ ገሊጹ።

ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ቱሪዝም ኣቶ ሳልም ዓሊ ብወገኑ፡ መንእሰያት ረዚን ዋጋ ህይወት ከፊሎም ዘምጽእዎ ሰላም ንዘልኣለም ተዓቒቡ ንኽነብር፡ ተመሃሮ ነቲ ታሪኽን ዝተሓለፈ መሪር ጉዕዞን ብዋዕኡ ክፈልጥዎ ከምዝድሊ ብምሕባር፡ ነቲ መደብ ንዘወደቡ ምስጋና ኣቕሪቡ።

“ጅግንነት ዝተፈጸመሎም ድፋዓትና፡ ኣካል ቱሪዝማዊ ጸጋታትና'የም” ዝበለ ኣቶ ሳልም፡ ነቲ ቦታታት ብኣካል ምብጻሕን ምዕዛብን ኣብ ምውርራስ ታሪኽ ኣበርክቶ ስለዘለዎ ብቐጻሊ ክሰርሓሉ ተማሕጺኑ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ከምዚ ዝኣመሰለ መደባት ንኽሉ ዜጋ ብፍላይ ንተመሃሮ ድማ ብፍላይ ኣገዳስነቱ ልዑል ስለዝኾነ፡ ብስሩዕ ዝውደበሉ ኩነታት ክፍጠር ተላብዮም።

ድፋዓት ገንፈሎም፡ ካብ 1975 ንደሓር ብርቱዕ ውግኣት ዝተኻየደሉ፡ ብፍላይ ኣብ 1976 ንልዕሊ 30 መዓልታት ከበድ ምርብራብ ዝተፈጸመሉ ታሪኻዊ ስፍራ ኮይኑ፡ ካብ ንኡስ ዞባ ሓመልማሎ ኣስታት 5 ኪሎ ሜተር ርሒቑ ይርከብ።





# ኵርናዕ ተመሃሮ

ሱራፌል ተስፋብሩ'ኽ

## ስለምንታይ ፊዚክስ ንምሃር



ካብ ናይ ማእከላይ ደረጃ ትምህርትና ናብ ካልኣይ ደረጃ ኣብ እንሰግረሉ ዓመት፡ እንላለዮ ዓይነታት ትምህርቲ ብዙሕ እዩ። ኣብ መባእታን ማእከላይን ደረጃ እንከለና፡ ብሓፈሻኡ ኢና እንምሃር። ንኣብነት፡ ማሕበራዊ ትምህርቲ (social studies) ንኸም ብዓል ጂኦግራፊ ታሪኽን ከጠቓልል እንከሎ፡ ከም ብዓል ፊዚክስ፡ ባዮሎጂን ኬምስትሪን ከኣ ኣብ ስነ-ፍልጠት (science) ተጠቓሊሉ ንምሃሮ። ምስዚ ዓይነታት ትምህርቲ ኣብ ፋልማይ ሌላና ንጹር ስእሊ ዘይክንሕዝ ንኽእል ኢና። ካልኣይ ደረጃ ኣብ እንሰግረሉ እዋን ግን ኩሉ ተዘርዚሩ ኣብ ቅሚና ይጸንሕ። ፊዝክስ ከኣ ሓደ ካብትኢ ብማዕዶ ዝፍርህ ግን ከኣ ኣገዳሲን ጥዑምን ዓይነታት ትምህርቲ ሓደ እዩ።

ፊዚክስ እንታይ እዩ?

ከም ዝፍለጥ ትምህርቲ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ፍልጠት እናዓበየ ብዝኸደ ነቲ ብ"ሳይንስ" እንፈልጦ ተፈጥሮኣዊ ስነ-ፍልጠት ናብ ኣገደስቲ ክልተ ክፋላት ክምቀል ግድን ኰነ። ፊዚካውን ባዮሎጂያውን ስነ-ፍልጠት ተባሂሉ ኣብ ክልተ ተመቒሉ። ባዮሎጂያዊ ስነ-ፍልጠት ንህይወታውያን ዘጽንዕ ክኸውን እንከሎ፡ ፊዚካዊ ስነ-ፍልጠት ግን ንጠባያት ዘይህይወታውያን ሳብስታንስ ዘጽንዕ ነበረ። ፊዚክስን ኬምስትሪን ከኣ ኣብ ውሽጢ ፊዝካዊ ስነ-ፍልጠት ይሕቆፉ ነበሩ። ምውሳእ ሓደ ሳብስታንስ ኣብ ርእሲ ካልእ ሳብስታንስ ኬምስትሪ የጽንዖ፣ ፊዚክስ ከኣ ኣብ ናይ ማተር ጠባያት ምስ ጸዓት ዘዛምዶ ኣምራት የተኩር።

"ፊዚክስ ሓደ ክፋል ናይ ተፈጥሮኣዊ ስነ-ፍልጠት ኰይኑ፡ ንምንቅስቓስን ንሓድሕዱ ምውሳእን ናይ ዘይህወታዊ ተፈጥሮ ዘጽንዕ እዩ" ተባሂሉ ይግለጽ። እንተኾነ፡ ፊዚክስ ከም ሓደ ዝተነጸለ ክፋል ስነ-ፍልጠት ክውሰድ ኣይግባእን። እናተማሃርናዮ እንከለና ምስ ኬምስትሪ፡ ቍጽርን ባዮሎጅን ጥቡቕ ምትእስሳር ከም ዘለዎ ክንርዳእ ንኽእል ኢና።

ነፍሲ-ወከፍ ኣምር ናይ ፊዚክስ፡ ውጽኢት ናይቲ፡ ሓደ ወይ ካብኡ ንላዕሊ፡ ካብ ሓሙሽተ ናይ ስምዒት ህዋሳትና ዝተወሰደ ጥንቁቕ ትዕዝብቲ'ዩ። ንኣብነት "ኮንቨርጂንግ ለንስ" ኣብ ናይ ቤት ትምህርትና ቤት ምርምር (ላባራቶሪ) ክንምልከት ንኽእል ኢና። ጽቡቕ ጌርና እንተ ተዓዚብናዮ፤

- ብቤትሮ ከም ዝተሰርሐ
- ዓንኬላዊ ቅርጺ ከም ዘለዎ
- ካብ ኣብ ውስናስኑ ኣብ ማእከሉ ዝረጐደ ምዃኑ፣ ክንዕዘብ ንኽእል።

እዚ ብኣዒንትና እንረኽቦ ጥንቁቕ ትዕዝብቲ እዩ። ካብዚ ትዕዝብቲ ኣብ ካልእ ዘይተመርኰሰ፡ ጠባያት ናይ ፊዚካዊ ኣካላት (physical bodies) ክንፈልጥ ኣኽኢሉና።

ኣብ ፊዚክስ ኣብ መንጎ ፊዝካዊ ኣካላት ዘሎ ልክዕ ዝምድና ንምፍጣር ንመስርሓትን ተርእዮን ናይ ከባቢና ምዕዛብ የድሊ። በዚ ዝተባህለ ለንስ ነዚ ጽሑፍ ንርእዮ። እንታይ ንዕዘብ?

- እዞም ፊደላት ዓብዮም ይረኣዩና፣
- ዕብየቶም ምስ ምርሓቕ ምቕራብ ለንስ ይቀያየር ኣሎ፣
- ድሕሪ ገለ ርሕቀት ነዞም ፊደላት ምርኣይ ዘይከኣል ይኸውን፣
- ኣብ መንጎ ለንስን እዞም ፊደላትን፡ ከምኡ'ውን ኣብ መንጎ ዓይንን ለንስን ዘሎ ርሕቀት ዛይዱ፡ እዞም ፊደላት ላዕልን ታሕትን ፋሕ ኢሎም ይረኣዩና

ዝበዝሑ ጠባያት ናይ "ማተር" ክዕቀኑ ዝከኣሉ እዮም። ስነ-ፍልጠተኛታት ንገለ ጠባያት ናይ "ማተር" ብምዕቃንን ብምፍታንን ሓደ ውሱን ባህሪ ክርእዩ ፈተነ የካይዱ። ካብዚ ፈተነ ከኣ ናብ ሓደ መደምደምታ ይበጽሑ። ንኣብነት ኣብዚ ለንስ ዝተዓዘብናዮ ንምግላጽ፡ ኣብ መንጎ እዞም ፊደላትን ለንስን፣ ከምኡ'ውን ኣብ መንጎ ዓይንን ለንስን ዘሎ ርሕቀት ምዕቃን ግቡእ ይኸውን።

ንሓደ ማተር ወይ ፊዚካዊ ኣካል ክንዕቅኑሉ እንኽእል ኣምራት ፊዚካዊ ዓቐን (physical quantity) ይብሃል። ንኣብነት ርሕቀት ሓደ ካብ ፊዚካዊ መዐቀኒታት እዩ።

ንነገራዊ ክፋል ከባቢና ብትዕዝብትና ኢና እንምሃሮ። ፊዚክስ ከኣ ንነገራዊ ክፋል ናይዚ ኣድማስ ዘላልየና ዓውደ-ትምህርቲ እዩ። ትምህርቲ ወዲ ሰብ ብገዛእ ርእሱ ከማዕብሎ እንከሎ፡ ኣብ ከባቢ ረቒቕ ትዕዝብቲ ብምውሳድ እዩ። ንኸባቢና ኣድቂቕና ንዕዘብ እንተ ኼንና ንፊዚክስ ብቐሊሉ ክንርድኦ ኣየጸግምን። ዝንቀሳቐሱ ነገራት፡ ኣብ ሓደ ዝቐሙ ነገራት፡ .... ክንዕዘቦም፡ ፍልልዮምን ዝምድናኦምን ክንምርምር እንከለና እቲ ኣብ ትምህርቲ እንመሃሮ ፊዚክስ'ዩ መግለጺኡ። ኩሎም እዞም ሎሚ ንኸባቢናን ናብራናን ዝለወጠን ጸለውን ኰይኑ ዘሎ ተክኖሎጂያዊ መሳርሒታት'ውን ውጽኢቱ እዩ። ሓደ ካብኡ ኤለክትሪክሲቲ እዩ። ሎሚ ብዘይ ኤለክትሪክሲቲ ክንበር ዘይከኣለሉ ደረጃ ዳርጋ በጺሑ ኣሎ። ኤለክትሪክሲቲ ከኣ ውጽኢት ፊዚክስ እዩ። እታ እንፍልጸላ ፋስ፡ እንደፍኣ ዓረብያ፡ እንጥቀመላ ሞባይል፡ ንዕዘባ ተለቪዥን፡ ንሰምዓላ ሬድዮ፡ ንምሃረላን ንዘናግዓላን ኮምፒዩተር፡ ወዘተ.

ትዕግስቲ በረኸትኣብ

### ኣምራት ስነ-ፍልጠት

## # ሕግታት ተርሞዳይናሚክስ

ብርጣንያዊ ፈላጥ ፊዚክስን ጸሓፍን ሲ.ፒ. ስኖው፡ ሓደ ግዜ "ካልኣይ ሕጊ ተርሞዳይናሚክስ ዘይፈልጥ ሰብን ብዛዕባ ሸኪስፒር ኣንቢቡ ዘይፈልጥ ስነ-ፍልጠተኛን ሓደ እዮም፡" ኢሉ ነይሩ። ዝኾነ ስነ-ፍልጠተኛ ካብ ስነ-ፍልጠት ወጻኢ ክፈልጥ፡ ዝኾነ ሰብ ከኣ ብዛዕባ ካልኣይ ሕጊ ተርሞዳይናሚክስ ክፈልጥ መባእታዊ ነገር ምዃኑ ንምግላጽ ዘምጽኣ ህብብቲ ኣበሃህላ እያ።

ተርሞዳይናሚክስ፡ ጸዓት ኣብ ሓደ መስርሕ ከመይ ገይሩ ከም ዝሰርሕ ዝገልጽ ስነ-ፍልጠት እዩ። እዚ ማለት ኣብ መንጎ ዋዒን መካኒካዊ ስራሕን ንዘሎ ዝምድና ዘጽንዕ ስነ-ፍልጠት እዩ። እዚ ኣምር ናብ ሰለስተ ሕግታት ዝተመቓቐለ እዩ። ነዚ፡ ሲ.ፒ. ስኖው ብኸምዚ መገዲ ገሊጹዎ ይርከብ።

- ክትዕወት ኣይትኽእል ኢኻ (You can't win)፣
- ማዕረ ንምዃን ወይ ሚዛን ምሕላው ክትክልክሎ ኣይትኽእል ኢኻ (You can't break even)፣
- ካብቲ ጸወታ ከተምልጥ ኣይትኽእል ኢኻ (You can't quit the game)፣

ስኖው ንቐዳማይ ሕጊ ተርሞዳይናሚክስ "ክትዕወት ኣይትኽእል ኢኻ" ክብል እንከሎ፡ ማተርን ጸዓትን ዘይዓንው ብምዃኖም፡ ገለ ነገር ከይሃብካ ክትረክብ ኣይትኽእል ኢኻ። ማተርን ጸዓትን ብድምር ወይ ብሓፈሻ ክርአ እንከሎ ኣይጐድል-ኣይዓኑ እዩ። ናይዚ ጽቡቕ ኣብነት ከኣ፡ ጸዓት= ርዝነት x ፍጥነት ብርሃን$^2$ ($E=mc^2$) እዩ። ሓደ ኢንጂን ስራሕ ክፈጥር እንከሎ፡ ንሰኻ ጸዓት (ዋዒ) ክትምግቦ ኣለካ። ኣብ ዕጽው መስርሕ እንተ ዘይኩይኑ ኸኣ ዋዒ ንደገ ከመንጩ እዩ። እዚ ኸኣ ናብ ካልኣይ ሕጊ ተርሞዳይናሚክስ ይወስደና።

ማዕረ ንምዃን ወይ ሚዛን ንምሕላው ዘኽልክል ከም ዘየለ ብመገዲ ካልኣይ ሕጊ ተርሞዳይናሚክስ ኖይስ ተንቲኑ ኣሎ። እቲ ዝሕሎ ሚዛን፡ ናይ ጸዓት ሚዛን እዩ። ቅድሚኡ ግን "ኢንትሮፒ" እንታይ ምዃኑ ክንገልጽ ክንፍትን። "ኢንትሮፒ" ሓደ ተርሞዳይናሚካዊ ዓቐን ኰይኑ፡ ናብ መካኒካዊ ስራሕ ዝቕይር፣ ናይቲ መስርሕ ተርማል ጸዓት "ዘይምህላው" ዝገልጽ ዓቐን እዩ። ስለዚ፡ ብሰንኪ ምውሳኽ ዓቐን "ኢንትሮፒ"፡ ናብቲ ዝነበሮ ደረጃ ጸዓት ክትመልሶ ከም ዘይካኣል ይነግር። ጸዓት ብጻዕቂ ኣብ ሓደ እንተ ደኣ ሃልዩ፡ ናብቲ ዝወሓደ ጻዕቂ ዘሎዎ ኣንፈት ይውሕዝ። ጸዓት ነዚ ሚዛን ንምሕላው ኣየቋርጽን እዩ።

ሳልሳይ ሕጊ ተርሞዳይናሚክስ - ካብቲ ጸወታ ከተምልጥ ኣይትኽእል ኢኻ - ን"ኣብሶልዩት ባዶ" ዝገልጽ እዩ። "ኣብሶልዩት ባዶ" ማለት እቲ ዝነኣሰ ሓሳባዊ ክዕቀን ዝከኣል ደረጃ ረስኒ እዩ። ኣብ ባዶ ከልቪን (ኣሉታ 273.15 ደረጃ ሰልሲየስ ወይ ኣሉታ 459.67 ደረጃ ፋህረናይት) ድማ ይዕቀን። ሓደ መስርሕ ኣብ "ኣብሶሉይት ባዶ" እንተ በጺሑ፡ ሚለኩላት ምንቅስቓስ የቋርጹ፣ ካይነቲካዊ ጸዓት የለን (ባዶ)፣ ከምኡ'ውን "ኢንትሮፒ" ናብ ዝተሓተ ደረጃ ይበጽሕ። እዚ ግን ሓሳባዊ ደኣ'ምበር ኣብ ግብሪ ኣይኩነን። ኣብ ግብራዊ ዓለም ናብ "ኣብሶልዩት ባዶ" ክትጽጋዕ ትኽእል ትኸውን እምበር፡ ክትበጽሖ ኣይከኣልን እዩ።

ኢልሃም ፈረጅ - ከረን


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ

ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጸ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ
ሓበን ገብረኣምላኽ ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.163471-07588045
ምልክታ
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጸ. 1284


### ጥቕሲ እዚ ሰሙን

"ምስጢር ናይ በላሕቲ ሰብ፡ መንፈስ ቍልዕነቶም ናብ ዕብየቶም ምስኦም ስለ ዝተማልኡዎ እዩ።"

- T. H. Huxley

ንትምህርቲ፡ ምህዞ፡ ርኽበትን ሓፈሻዊ ህይወትን ዝገልጽ ጥቕሲ




# ፈንቅል ቅኑዕ ሕርያ!













ብርጌደር ጀነራል ዓሊ ኣልሓጅ




ብርጌደር ጀነራል ጠላሁን ክፍሌ




ኮማንደር ተስፋዬ ታደሰ- ሰሜናዊ እዝ ሓ/ባሕሪ



ኮነረል ኣፍወርቅ ትክለ- 6ይ ክ/ጦር ም/ኣዛዚ



ሲነር ቺፍ ጌታቸው- ሓ/ባሕሪ







ዲዛይን - ታእዛዝ ኣብርሃ
ስእሊ-ኣርካይቭ ጨንፈር ስእሊ

# ንቑሕ ደበና

ሄለን መኾታ

## ሞራላዊ ግዴታ

### ቈልዓ፡ ሕብስቱ ምስ ካልእ ቈልዓ ንኽማቐላ ብኸመይ ክነረድኦ ንኽእል?

ሓደ ቈልዓ፡ ናብ ኣውቶቡስ ተደፋፊኡ ብምስቃል፡ ኣብ ሓደ ኮፍ መበሊ ኮፍ በለ። ኣብቲ ፈርማታት ንኽስቀል ክጽበ ዝጸንሐ ሰብ፡ በብሓደ ተሰቒሉ ምስ ወድአ ኸኣ ኣውቶቡስ ጉዕዞኣ ጀመረት። ኣብ ጥቓ እቲ ተደፋፊኡ ኮፍ መበሊ ዝሓዘ ቈልዓ፡ ሓንቲ ዕብይ ዝበለት ኣደ ደው ኢላ ነበረት። ነዚ ዝረኣየ ሰብኣይ፡ ናብ ትእዛዝ ብዝቐረበ ኣዘራርባ፡ "እዚ ወደይ ነዘን ኣደኻ ተንስእካ ኮፍ ኣበለን፡" በሎ። ወዮ ተደፋፊኡ ብጻዕሩ ኮፍ መበሊ ዝረኸበ ቈልዓ፡ ነቲ ሰብኣይ ጥምት ኣቢሉ፡ "ስለምንታይ?" ኢሉ ሓተተ። ነቲ ኲነታት ዝዕዘቡ ዝነበሩ ሰባት፡ በቲ ሕቶ'ቲ ቈልዓ ትቼጢያም ክግስጽዎ ጀመሩ። እቲ ሰብኣይ ብነድሪ፡ "ኣታ ቈልዓ ንስኻ ኮፍ ኢልካ ከለኻ፡ እዘን ዓባይ ሰበይቲ ደው ኢለን ክኾና ነውሪ እዩ፡" በሎ። እታ 'ነውሪ'ዩ' እትብል ምኽንያት ምኻና ተረድኦ፣ የግዳስ ነውሪ እንታይ ማለት ምኻኑ ኣይፈልጣን እዩ። ክሓትት ኢሉ ቍሊሕ እንተ በለ፡ ኣብ ከባቢኡ ዝነበሩ ተሳፈርቲ፡ ብዓይኒ ምፍጣጥን ዘረባን ኣቢሎም፡ ተግባራቱ ዘይቅቡል ምኻኑ ይሕብርዎ ስለ ዝነበሩ፡ ውሽጡ ከይዓገበሉ፡ ነተን ዓባይ ሰበይቲ ኮፍ ኣበለን። ከምዚ ዝበለ ባህርያት ኣብ ቈልዑን ኮተቴን ብብዝሒ ይረአ እዩ። ንሓደ ንእሽተይ ቈልዓ፡ ክበልዓ ዝተሃንጠየ ሕብስቲ፡ ንዝኾነ ሰብ ከማቕል ባህጊ የብሉን። ነታ ሕብስቲ ምስ ካልእ ቈልዓ ንኽማቐላ እንታይ ምኽንያት ክንህቦ ንኽእል? እቲ እንህቦ ምኽንያት ከ ነቲ ቈልዓ ክርድኦ ዶ ይኽእል?

'ሰብ ክውለድ ከሎ፡ ሓንጎሉ ልክዕ ከም ጻዕዳ ጨርቂ እዩ። ዝኾነ ዘይብሉ እዩ ዝውለድ፡' ተባሂሉ ንብዙሕ ግዜ ክእመነሉ ጸኒሑ። እንተኾነ፡ ድሒሩ ካብ ዝተረኽበ ውጽኢት መጽናዕትታት፡ ሰብ ምስ ሞራላዊ ግንዛበኡ ከም ዝውለድ ተረጋጊጹ ኣሎ። ይኹን እምበር፡ እዚ ተፈጥሮኣዊ ትዕድልቲ ንኽዓቢ፡ ኣለያ ወለድን ሕብረተሰብን ክውሰኾ የድሊ። ሕብረተሰብ ዝተፈላለየ ማሕበረ-ቍጠባዊ ቅርጺ፡ ባህልን ልምድን ስለ ዘለዎ፡ 'ሞራላዊ ግዴታ' ኢሉ ዘቐምጦ ሕግታት ዝተፈላለየ ክኸውን ግድን እዩ። ንኣብነት፡ ኣብ ሕብረተሰብና ንዓቢ ሰብ ተንሲእካ ኮፍ ከተብሎ ከም ሞራላዊ ወይ ስነ-ምግባራዊ ተግባር ይሕሰብ፣ ኣብ ካልእ ሕብረተሰብ ግን ከምኡ ኢሉ ዘገድድ ባህሊ ዘይክህሉ ይኽእል። እዚ ብሕብረተሰብ ዝቚመ ሞራላዊ ሕግታት፡ ክሰርጽን ክሰርሓሉን እንተኾይኑ፡ ነፍሲ-ወከፍ ኣባል'ቲ ሕብረተሰብ ክቕበሎ ኣለዎ። ኩሉ ሰብ፡ ንእሽተይ ይኹን ዓቢ፡ ንሞራላዊ ግዴታ ሕብረተሰቡ ብሓደ ዓይኒ ይርእዮ ዶ? 'ሞራል' እንታይ ማለት እዩ?

ንእሽተይ ቈልዓ፡ ንሓደ ተግባር፡ 'ሞራላዊ ወይ ኣይኮነን' ኢሉ ንኽፈሊ፡ 'የቕጽዕ ድዩ ኣየቕጽዕን' ዝብል መነጻጸሪ ይጥቀም። ንሕና'ውን ነዚ ተረዲእና፡ ንእሽተይ ቈልዓ ክገብሮ ንዘይንደልዮ ተግባር፡ "እንተ ተንኪፍካያ ጣዕ ክብለካ'የ" ብምባል ነቲ ተግባር ክነወገድ ንረአ ኢና። ቈልዓ ጕብዝ ምስ በለ፡ ተግባሩ ሞራላዊ ድዩ ኣይኮነን ንኽመዝን፡ 'ስምዒት' ኣብ ግምት ከእቱ ይጅምር። ንሓደ ተግባር ክፍጽም ከሎ ጽቡቕ ስምዒት ድዩ ዝፈጥር ወይስ ሕማቕ፡ ብምንጽጻር ይትግብሮ ወይ ይሓድጎ። ኣብዚ ደረጃ፡ ወለዲ ንደቆም "ከምዚ እንተ ጌርካ ክኹሪ እየ፡" እናበሉ ከማእዝኑ ንርእዮም። ምስ ምውሳኽ ዕድመ፡ ንሞራላዊ ተግባር ብመንጽር ሕብረተሰብ ዝፈትዎን ዝጸልኦን ክንርዳእ ስለ እንጅምር፡ ሕግታት ሕብረተሰብ ከም መንጻጸሪ ክንጥቀመሉ ንጅምር። "ነውሪ፡ ዘይባህልና፡ ሰብ ከ እንታይ ክብል፡ ወለድኻ ከም ዘየዕበዩ..." ዝብል መግለጺታት እውን ክስወጠና ይጅምር። ሞራላዊ ኣምር ብግቡእ ክንርዳእ፡ ዕድመን ደረጃ ምዕባለ ሓንጎልን ወሳኒ እዩ።

ሞራላዊ ግዴታ፡ ንቈልዓ ይኹን ኮተቴ ከተረድእ ወይ ክትምህር በዳሂ ካብ ዝገበሮ ነጥቢ፡ ልምዳዊ ኣገባብ ስለ እንጥቀም'ዩ። ብቘልዓይ ከለኹ፡ ክገብሮ ዘይብለይ ተግባራት፡ 'ነውሪ'ዩ፡' ወይ 'ጌጋ'ዩ፡' ዝብል ሓበሬታ ጥራይ'ዩ ዝወሃበኒ ነይሩ። ንሕቶን ርእይቶን'ውን ክፉት ኣይነበረን። ሞራላዊ ተግባራት፡ ቀጥታዊ መኽሰቡ ግሉጽ ስለ ዘይኮነ፡ ንቘልዓን ኮተቴን ኣረዲእካ ከም ዘተግብርዎ ክትገብር ኣሸጋሪ እዩ። 'ንምንታይ' ንዝብል ሕቶ ክትምልስ ዓቕሚ ምስ ዘይህልወካ፡ ክትጸሉ ዘሎ ተኽእሎ ድሩት እዩ። ስለዚ፡ ደቅና ሞራል ዘለዎም ኮይኖም ክዓብዩ ደኣ እንታይ እንተ ተገብረ ይሓይሽ?

#### 1- ምንጻር ትርጉም ሞራላዊ ተግባር

ሰብ ብተፈጥሮኡ ንጥቕሙ ጥራይ ዝሰርሕ ፍጥረት እዩ ዝመስለና። እንተኾነ ካብ 'ጥቕሚ' ንላዕሊ፡ ኣብ 'ትርጉም' እዩ ዝግደስ። ኣብ ሓደ መጽናዕቲ፡ ክልተ ጕጅለ ቈልዑ ክቕብኡ ተሓበሩ። ነቶም ኣብ ቀዳማይ ጕጅለ፡ ቀቢኦም ምስ ወድኡ እቲ ቅብኣኦም ክጓሓፍ ምዃኑ ነገርዎም። እቶም ኣብ ካልኣይ ጕጅለ ዝነበሩ ግን ቅባኣኦም ተሸይጡ ንተናበይቲ ጽርግያን ዘኽታማትን ቈልዑ ከም ዝውዕል ተነግሩ። ውጽኢት እቲ መጽናዕቲ እምበኣር፡ እቶም ኣብ ካልኣይ ጕጅለ ዝነበሩ ቈልዑ ዝያዳ ተግዳስነትን ትግሃትን ከም ዘርኣዩ ገሊጹ። ስለዚ፡ ንደቅና'ውን ትርጉም ናይቲ ዝገብርዎ ዘለዉ ሞራላዊ ተግባር ምስ እንሕብሮም ዝያዳ ውጽኢት ክርከቦ ይኽእል።

#### 2- ብኣብነት ምምሃር

'ቀሺ ዝበሎ እምበር ዝገበሮ ኣይትግበር' ዝብል ምስላ ኣለና። እዚ ግን ንኹሉ ዓይነት ትምህርቲ፡ ብፍላይ ንሞራላዊ ትምህርቲ፡ ክንምህረሉ ዘይየኽእል ኣገባብ እዩ። ወለዲ፡ መምህራንን ካልእ ኣካል ሕብረተሰብን ሞራላዊ ተግባር ምስ ዘይህልዎ፡ ዝሰዕብ ወለዶ'ውን ካብኡ ብዘይ ፍለ ዘይሞራላዊ ክኸውን ይኽእል።

#### 3- ብተደጋጋሚ ብዓቕሊ ምምእዛን

"ውላድ ደኣ ቀጺዑ ይሃብካ እምበር" እናበልና ተራ ምምእዛን ወለድን ሕብረተሰብን ሚዛኑ ከነዳኽሞ ንስማዕ ኢና። ክልተ ነጋዶ፡ ኣድጎም ጽዒኖም ክጓዓዙ ድሕሪ ምውዓል፡ ጸሓይ ምስ ዓረበት፡ ከዕርፉ ናብ ሓንቲ ገረብ ኣልገሱ። እቲ ሓደ ነጋዳይ፡ ናይ ኣድጉ ጽዕነት ኣራጊፉ፡ ኣድጉ ኣሲሩ ደቀሰ። እቲ ካልኣይ ግን 'ዘይ ጥቓ ዓዲ ኢና በጺሕና ዘለና፡ ካብ ጽባሕ መሊሰ ኣድጊ ክጽዕን ወጠጥ ዝብል ከምኡ ኢሉ ይሕደር፡' ብምባል ጽዕነት ኣድጉ ከየራገፈን ኣድጉ ከይኣሰረን ደቀሰ። ወዮ ዘይተኣሰረ ኣድጊ ሳዕሪ ክብልዕ ዘወን እናበለ ዝብኢ ረኺቡ በለዖ። ንጽባሒቱ እቲ ኣድጉ ኣሲሩ ዝሓደረ ነጋዳይ፡ "እንታይ ወሪዱካ ደኣ ኣድግኻ ዘይኣሰርካ?" ክብል ሓተቶ። እቲ ኣድጉ ዝተበልዐት ሰብኣይ፡ "ኣታ ፈጣሪ ኣሎ ኢለ፡" በሎ። እቲ ቀዳማይ ነጋዳይ እናኣስደመሞ፡ "ፈጣሪ ኣድጊ ሂቡካስ ሓላዊ ኣድጊ ኸኣ ክትገብሮ፡" በሎ ይበሃል። ንሕና ኸኣ ፈጣሪ ውላድ ሂብናስ፡ ቀጺዑ ክህበና ምጽባይስ ሞራላዊ ትጽቢት ዶ ይኸውን?




## ኣካታዒ ኣበሃህላታት ተዘክሮ ሰብ

#### 1- ናይ ምዝካር ክእለት ብዙሕ ኣበር ዘለዎን ግዝያውን ስለ ዝኾነ፡ ኣብኡ ክንምርኰስ ኣይንኽእልን።

ነዚ ኣበሃህላ ዘፍርስ፡ ብርክት ዝበለ መጽናዕትታት ኣሎ። ሓደ ካብቲ መጽናዕትታት፡ ሰብ ብኣሽሓት ዝቝጸር ኣሳእል ሓንሳእ ምስ ረኣየ፡ ንዓመት መመላእታ ነቲ ዝረኣዮ ኣሳእል ከለሊ ከም ዝኽእል የረጋግጽ። ናይ ቍልዕነት፡ ናይ ትምህርቲ፡ ናይ ገዛውቲ፡ ናይ መገሻ፡ ናይ ኮለጅ ... እናበልና ናይ ነዊሕ ግዜ ክንዝክር ከም እንኽእል፡ ካልእ ጕድናዊ መጽናዕቲ ዝኽረት የረድእ።

#### 2- ሰብ፡ መዓልታዊ ጕዳያቱ ብዝርዝር ክዝክር ኣይክእልን እዩ።

ኣብ ሓደ መጽናዕቲ ንዝተሳተፋ



ግዱሳት፡ ንኽልተ ሰሙንን ፈረቓን ዝኣክል ቢፐር ክወድዩ (ቢፐ ዝብል ድምጺ ገይሩ ዘዘኻኽር ተክኖሎጂያዊ መሳርሒ)፡ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ናይ ቢፐር ድምጺ ኸኣ እንታይ ይገብሩ ከም ዘለዉ፡ ምስ መን ከም ዘለዉ፡ ዝተኸድንዎ ክዳን፡ ወዘተ ክጽሕፉ ተነግሮም። ድሕሪ ክልተ ሰሙንን ፈረቓን፡ ነቲ ዘካየድዎ ንጥፈት፡ ዳግማይ ዘርዚሮም ክጽሕፉ ተሓበሮም። እዚ ክልቲኡ ውጽኢት ምስ ተነጻጸረ፡ ተሳተፍቲ እቲ መጽንናዕቲ፡ 80% ካብቲ ኣብ ክልተ ሰሙንን ፈረቓን መዓልታዊ ዘካየድዎ ጕዳያት ክዝክሩ ከም ዝኸኣሉ ተረጋጊጹ።

#### 3- ዝኽሪ ምስ ግዜ ይበንን እዩ።

ዓበይቲ መጽናዕትታት ከም ዝሕብሮ፡ ኣብ ዝተናውሐ ማህሰይትን ሕማቕ ተመኩሮ ዝዓበሎ ኲነታት ዝነበሩ ሰባት፡ ዝኽሪ ማህሰይቶም ዝተፈላለየ መተኣሳሰሪታት እናረኸበ ዳርጋ ንምሉእ ዕምሮም ክጸንሕ ከም ዝኽእል ይገልጽ። እዚ ተርእዮ፡ ዝኽርና ምስ ፍሉይ ቦታን ኲነታትን ዝተኣሳሰር ምስ ዝኸውን'ውን ከም ዝግሃድ ይነግር። ንኣብነት፡ ማይ እናሃረመ ምስ ደቂ ገዛውትና ናይ ምጽዋት ዝኽሪ እንተ ሃልዩና፡ ማይ ክሃርም ከሎ ዝኽርና ክመጽእ ይኽእል።

#### 4- ዝበዝሐ ግዜ ዝኽርና ንፍብርኾ ኢና።

ኣእምሮ ሰብ ናይ ምምሃዝ ክእለት ኣለዎ። እንተኾነ፡ 'ዝኽረት ክፍብረኽ ይኽእል'ዩ፡' ናብ ዝብል መደምደምታ ኩብጽሕ ኣይክእልን። ዝኽሪ፡ ካብ ዘጋጠመ ኲነታት እዩ ዝብገስ። ምትሕውዋስ ዝኽርታት ግን ከጋጥም ይኽእል እዩ። ምትሕውዋስ ዝኽርን ምፍጣር ዝኽርን ግን በበይኑ እዩ። ኣብ ዝተፈላላየ ግዜ ዝተኸዘነ ዝኽሪ፡ ተሓዋዊሱ ክቐርብ ይኽእል እዩ። ዝውቱራት ንጥፈታትን ትጽቢታትን፡ ንዝኽሪ ምሉእ ብምሉእ ከይቀየሩ፡ ግን ክልውጡ ይኽእሉ እዮም።

#### 5- ምርሳዕ፡ ስርዓተ-ዝኽረት ዘስዕቦ ኣበር እዩ።

ምርሳዕ፡ ንውጽኢታዊ ናይ ምዝካር ክእለት ኣገዳሲ ረቛሒ እዩ። ምርሳዕ፡ ዘይገድስ ዝኽርታት ክንውግን፡ ሓፈሻዊ ኣምር ክንሃንጽን ድሕሪ መጕዳእቲ ኣገደስቲ ዝኽርታትን ክእለታትን ዳግማይ ክንረኽቦን የኽእል። ደስ ዘይብለና ዝኽርታት ምርሳዕ፡ ቀልጢፍና ካብ ዘጋጠመና ጕድኣት ተላቒቕና ናብ ንቡር ህይወትና ክንምለስ ይሕግዝ። ስለዚ፡ ዝበዝሐ ናይ ምርሳዕ ተርእዮ፡ ተፈጥሮኣዊ ናይ ረዓምነት ብቕዓት ሰብ እምበር፡ ኣበር ናይ ስርዓተ-ዝኽረት ኣይኮነን።

***

ሻባብ
ሃማመተኤ

ሓሳባት

# ሰብ፡ ታሪኽን መገድን



ፍትሓዊ እስቲፋኖስ

ታሪኽ፡ “ስማዕ እስኪ ሰብ፡ ካብ ጽባሕን ትማልን መን የፍርሓካ፧”

ሰብ፡ “ንሎሚ ሓዊስካ ኵሎም ብማዕረ የፍርሑኒ።”

መገዲ፡ “ኣጆኻ ኣነ ከለኹ፡ ናብ ትማልን ጽባሕን ወሲደ ፍርሕኻ ከጥፍኣልካ ጸገም የብለይን። ክትሰርሓኒ ግና ኣለካ።”

***

ኣብ ክራማት 2013 ገና ተመሃራይ ኮለጅ እንከለኹ'የ ነታ ብታሪኽ ዝፈልጣ ናቕፋ ንፈለማ ግዜይ ዝረኣኽዋ። እታ ንሳን ህዝባን ደጀን ሰውራ ዝኾነት ናቕፋ፡ ንሰለስተ ወርሒ መመላእታ ብሕንቃቕ ድሕሪ ምርራዋ፡ ናብቲ ዋሕሳ ዝኾነ እምባ ደንደን ብምድያብ ክፋነዋ ይዝከረኒ። ንነብሰይ ኣብቲ ኵሩዕ እምባ ደይባ ምስ ረኺብክዋ ዝተሰምዓኒ ሓበን ክሳዕ ሎሚ ኣብ ዝኽረይ ህያው እዩ። እወ ናብቲ ዓቕብ ጸላእቲ ዝኾነ እምባ፡ ናብቲ ዕቑባ ሰውራ ዝኾነ እምባ፣ ናብቲ ንዓሰርተ ዓመታት ብዘይ መብረ፡ ብዘይ ምግቢ፡ ብዘይ ማይ ምስ ኣይሂ ደብዳብ ኣብ ዝባኑን ዝባን ታባ በጃን ዘጽሓየ፣ ናብቲ ኣብ ከባቢኡ ንዝርከቡ ፋርኤሎ፡ ሪጉል፡ ዋንጫ፡ እንዳ እቶ በሎ፡ ቮሊቮል፡ ናኽራ፡ ሓሙኹሽቲ፡ ሳልፈር፡ ቤት ሑመድ፡ ስዋራ፡ ሩባ ሞዖ፡ ዱባለ፡ ተኣማመን፡ ታባ ውፉያት፡ ታባ ፍረወይኒ፡ ግሎብ፡ ላጅን፡ ታባ ብልሓት፡ ካልኦት ብዙሓት ተኣምር ዘሕለፉን ዝጸሩን ታባታት ከም ምብጻሕ ዘሐብን እንታይ ከይህሉ።

ኣብቲ ሽዑ ግዜ ካብ ንእምባ ደንደን ምድያብ ንላዕሊ ዘበድሃኒ እንተ ነይሩ መገዲ እዩ፣ ብፍላይ ድማ መገዲ ኣፍዓበት ናቕፋ። እቲ መገዲ ልክዕ ከም ታሪኽ ላዕልን ታሕትን ሓርጉጽጉጽን ዝበዝሖ ኣድካሚ ጉዕዞ እዩ ዝነበረ። ድፋዓት እውን ሓውሲ ዓንዮም ከም ዝጸንሑናስ ካብ ዝኽረይ ኣይሃሰሰን።

ሎሚ ድሕሪ 11 ዓመታት፡ ብዓቕመይ ገለ ምስ ኣንበብኩን ተመኩርኩን፡ ናብ ንናቕፋ እኽይድ ምህላወይ በኹሪ ወደይ ንኽም ምርኣይ ተሃንጠኹ። ህንጡይነተይ ግና ንእለት ኣብ ባይታ ወዲቑ ሓውሲ ተሓምሸሸ። ናብ እምባ ደንደን ክድይብን ናብቶም ካልኦት ታባታት ክበጽሕን፡ ጸባ ገመል ሰትየ ንድፋዓት ናቕፋ ከም ገመል ክሓኹሮም ዝተመነኽዎ ብመጠኑ ሓጕሰይ ዝልል በለኒ፣ መገዲ። ኣነ ብዘይቈጻጸሮ ሓይሊ ‘መገዲ ናቕፋ ደኣ መን ክኸዶ’ ዝብል ሕቶ ኣልዒለ ኣስገልኩ። ሕልናይ ተነኽኒኹ ክስሕቀኒ ሰማዕክዎ። ኣብ ህይወተይ ክሳዕ ሕጂ ሓደ ጸላኢ እዩ ዘለኒ፣ ንሱ ድማ ሕልናይ እዩ። “ኣየ ንስኻ፡ ብኣፍካ ኸኣ ብናፍቖት ዘይረኣኻዮ ትማልን ዘይበጻሕካዮ ጽባሕን ከም ዝተሓመስካ ኢኻ ትነግር። ስለዚ፡ ናብዞም ክልተ ብኣካል ዘይትፈልጦም እዋናት ብዝግባእ ክትበጽሕ እንተ ኾንካ ቅድም ንትማሊ ክትበጽሕ ኣለካ። ሕጅስ ሕሉፍ ሓሊፉካ ኸኣ ናብ መበቈልካ ንምብጻሕሲ ምኽኒት፣ ኣበይ ዘለኻ ብሕቓ ኢኻ! ተበገስ ጥራሕ! ኵሉ ነገር ከምቲ ኣቐዲምካ ትፈልጦ ከም ዘሎስ ብኸመይ ትፈልጥ?” በትሪ እንተ ዝህልዎ ሓራም ምሃረመኒ። ንቕድመይ ብዘይ ሕቶ ክኸይድ ምስ ዘደልየኒ ኣቐዲሙ እዩ ዝኾሪ። ምብጋስና ካብ ኣስመራ እኳ እንተ ነበረ፡ ክሳዕ ከረን ብዛዕባ ዘሎ ጽርግያ ምዝራብ ንኻልኦት ገዲፈሎም ኣለኹ።

ኣእምሮይ ንኣካለይ ቀዲምዎ ናቕፋ ክበጽሕ እዩ ዝብል ዝነበረ ምጕተይ፡ ገና ንሓመልማሎ ከይሓለፍኩ ኣእምሮም ኣብቲ ህንጻ እቲ ኮለጅ፡ ኣካለይ ድማ ምስታ ከም ዑፍ ትበርር ዝነበረት መኪና ንቕድሚት ተዓዘረ። መኪናና ፈልከት ሓሊፋ ቀላህመት በጺሓ እንከላ፡ ኣእምሮይ ግና ክንዲ ነቲ ቅጥራን ጥራሕ ዝተረፎ ለማጽ ጽርግያ ሓሊፉ ኣፍዓበት ዝበጽሕ ንድሕሪት ከስተንትን ተሪፉ ሰዓብ ምባሉ ጸገመኒ። ሕልናይ ብወገኑ ኣእምሮይን ኣካለይን ምስ ተፈላለዩ፡ “ኣይበልናንዶ ኣይበልናንዶ'የ፡” እናደረፈ ሓሊፉኒ ደንደን ደየበ። ኣፍዓበት ሓሊፍና፡ ክሳዕ እታ ታሪኻዊት ዓሸርም ንበጽሕ፡ እቲ ኣብ ክሳድ መስሓሊት በጺሑ ዝነበረ ኣእምሮይ ገና ኣየርከበናን። ካብ ፍጥነት ኣእምሮይ ፍጥነት መኪናና ዝቐልጠፈሉ ምኽንያት፡ እቲ ቅድሚ 11 ዓመት ዝፈልጦ ዝነበርኩ ጽርግያ ኣብቲ ዝሓሰብክዎ ቦታ ስለ ዘይጸንሓኒ እዩ። ብፍላይ ኣብተን ዳግመ-ምእካብ ተገይሩለን ዘሎ ታንክታትን መካይንን ዓሸርም ምስ በጻሕና፡ ብሩባ-ሩባ ክንወርድ እናተጸበኹ ነቲ ሩባ ንየማን ገዲፉ ‘ፎርሳ’ ዝበለኒ ሰጥ ዝበለ ጉልጉል ‘ናብ ታሪኽካ ብእትገብሮ ዘለኻ ጉዕዞ ጽባሕካ ሓርጉጽጉጽ ዘየብሉ ለማጽ እዩ፡’ ዝበለኒ መሰለኒ። እቲ ንኽትጓዓዞ በዳሂ ዝነበረ ጽርግያ፡ ሩባ ሕዳይ ሒዙ፡ ብሓራስ ሓርማዝ በያንን መርኩብናን ኣቢሉ ንፊደል ፐ ንጺጋም ገዲፉ እንቋዕ ብሰላም መጻእኩም ብዝብል ጽሑፍን ኣግፊሑ ዝተኸፍተ መንግኣትን ኣቢሉ ናብታ ‘እምባ ኣራራት’ ዝኾነት ናቕፋ ደቢኽ ኣበለኒ።





እታ ብምኽንያት ቅነ-ውድበታት ሃማመተኤ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ደሚቓ ዝቐነየት ናቕፋ፡ ደቂ ደቃ ክነግዱ ከም ዝመጽኡዋ ኣደ ላዕልን ታሕትን ተሰራሰረት። ቀያሕቲ ዕምባባ ብጥዑም ቃናኦም ገይሮም ‘ፍልማዊት ኣደ ናይ ሞራል ናይ ተስፋ፡ በኹሪ ዓባይ ሳሕል ናቕፋ ወይ ናቕፋ’ ምስ ቀነዩላ እሞ ትሕዞን ትጭብጦን ጠፊእዋ፡ ኣብ ዝባን መካይን ጌራ ደንደን ከተርእዮም ክሳዕ እግሪ ዋንጫ ሓቚፋ ኣብጽሓቶም። ኣብ ኣእዛን ኵላቶም ቀሪባ ድማ ‘ገና ህዝበይን ሰራዊተይን ክሳዕ ደንደን ጽርግያ ክሰርሓለይ እዩ’ ኢላ ሕሹኽ በለቶም። ኣነ ኸኣ ነዚ ብዝሰማዕኩ ብሓጕስ ፍሽኽ በልኩ እሞ ነቲ ብጽንታ ክከታተል ዝጸንሐ ሕልናይ ቆፎኡ ተንከፍክዎ።

እቲ ንታሪኽን ሰብን ከራኽብ ዝተሰርሐ መገዲ፡ ኣብ ክንዲ እቲ ብምኻድ ዝሰርሖ ሓይልታት ምክልኻል ኮይኑ “ህዝብን ሰራዊትን ካልኡ ሒዝዎ እምበር ኣይረስዓን፡” በለኒ። ድምጺ ጽርግያ ሰሚዑ ኣብ ልዕሊ እቲ ሰርሰሪዎ ዝጸንሐ ሰሓቐይ ምኽንያት ረኺቡ መፍተቱ ዝወድአ ሕልናይ፡ “ስማዕ በል፡ ኣነ'ውን ብወገነይ በቲ መገዲ ኣቢለ ምስ ትማለይ ክራኽብ እሞ እዚ ክገብር እየ ክንዲ ምባል፡ ድኻም ተሪፉካ ፍሽኽ ክትብል፧” ሓውሲ ዝተቖጥዐ መሲሉ ገረጨለይ። ሽዑ ድሮ ደንደን ደይብና ሰናቡኣይ ብኣፈይ ወጺኣን ንደንደን ክስዕማኦ ቍሩብ ተሪፍወን ብምንባሩ፡ “ሓቅኻ ንስኻ ተላገጽ፡ ኣበይ እሞ ንወርሒ ኣብዚ እንተ ዝጸንሕ፡ ብዛዕባ እዞም ታባታት እንታይን ክንደይ ኮን ምበልኩ፧ እቲ ንዓሰርተ ዓመት ኣብዚ ዝዓረደ ሰብ እንታይ፡ ስለምንታይ፡ ብኸመይ፡ ይነብር ምንባሩ ገለ መልስታት ምረኸብኩ፧ ይመስለኒ ከም ልበይ ምጸሓፍኩ፡ ምደረስኩ፡ ምዘየምኩ፡ ምሰሓቕኩ፡ ምነባዕኩ፡ መስተንተንኩ፡ ሓሚመ ምሓወኹ። ኣብዚ ኣነ ነዛ ዘይትጠቅም ጻንሖት ብግመን ዛዕዛዕታት ምስትንፋስ ክሳብ ዝስእን ኮይኑ፡ ውረድ ውረድ ዝመጽኣንስ ከመይ ተጋዳላይ ን10 ዓመት ኣብዚ ዝጸንሐ፧” መን እሞ ክምልሰለይ፣ ንባዕሉ እቲ ሰብ እውን ብኸመይ ከም ዝሓለፎ ክገልጾ ኣይክእልን።

ምሳይ ቂምታ ከም ዘለዎ ክሸማቐቐኒ ዝቐነየ ሕልናይ ግዲ ኣደንጊጸዮ “ኣጆኻ፡ ክሰርሕዎ ዘይደኸሙስ ክትድይቦ ክትደክም። ሓቅኻ እዚ እምባ ብዕላማ እምበር ብሓይሊ ሰብ ዝድየብ ኣይኮነን። ካብ ንዝተገብረ ክትፈልጥ፡ ሓዲሽ ታሪኽ ክትሰርሕ ስለ ዝኸብድ ዝያዳ ተጻዋርነት፡ ዝያዳ ራእይን ዕላማን ከም ዝህልወካ ይገብር። እቲ ሰራሒ ዘይደኸመ በጺሒ ዝደኸመሉ ፍልልይ ከኣ እዚ እዩ። ንስኻ ዝገበርካዮ የብልካን፡” ብምባል ድሮ ኣብ ደንደን ደይቡስ፡ ተቐይሩ፡ ለቢሙ ነበረ ሕልናይ። ደጊመ ነቲ ተዓርዩ ሓዲሽ ህይወት ለቢሱ ዝነበረ ድፋዓት ዝሰርሑ ህዝባዊ ሰራዊት ብልበይ ኣመስጊነ፡ ብውሽጠይ፡ ‘እዚ ድፋዕን ሰራሒኡን ብዝግባእ ክጽናዕ ኣለዎ፡’ በልኩ።

እቲ መገዲ ሕጂ እውን ኣፍ ሓደ ኣብቲ እምባ ዝወደቐ ጅግና ኮይኑ፡ “ምናልባት ነቲ ድፋዓት ጥራሕ ዘይኮነ ንህዝቢ ናቕፋ እውን ከተጽንዕዎን የቐንየልና ክትብልዎን ኣለኩም ኣቱም መንእሰያት። ንስኻትኩም ናፍቖት እምበር ዝኽሪ የብልኩምን። ንሕና ግና ብዘይ ናቕፋን ህዝቢ ናቕፋን ሩሕ የብልናን። ህይወትና እዚ እዩ። ከምቲ ንስኻትኩም እትዝክርዎ ተፈታዊ ዝኽሪ ቍልዕነት፡ ንሕና እውን ዝኽሪ ቍልዕነት ኣለና። ዝተፈልየ ዝኽሪ፡ ዝኽሪ ምስ እምባን ገደልን ተጋድሎን ውፉያት ብጾትን። ዝኾርዕ ዝኽሪ፡ ዝኽሪ መፈጠር ሃገር፡ ዝኽሪ ብጾት፡ ዝኽሪ ኹሉ ክትገብር ምኽኣል፡ ዝኽሪ ዘይተንበርካኽነት ወዘተ። ብዙሕ ሰብ ተጋደልቲ ሰብ ኣይንመስሎን ኢና። ንሕና ግና ሰባት ኢና፡ ከምቲ ኹሉ ሰብ ካብ ሓመድ ዝተጠፍጠፍና ናብ ሓመድ እንምለስ ህያው ሰባት ኢና። ሰባት ኢና ከም ሰብና ንቐንዞ፡ ንደክም፣ ከም ሰብና ኵሉ ንሰብ ዘድልዮ ዘድልየና ሰባት። ከማኻ ሰብ! ልክዕ እዩ ዝተሰራሕናሉ ሓመድ ግና ሓመድ ናቕፋ ስለ ዝኾነ፡ ዝተፈለና ሰብ ክንከውን ንኽእል ኢና። ዛንታ ወድሰብ ብመበቈሉ ዝጽዋዕ ካብ ኮነ፡ ንሕና ኸኣ ሰባት ኢና፡ ናይ ናቕፋ ሰብ! ኣብዚ ተወሊድና፡ ዓኹኽና፡ ዓቢና፡ ገለና ተሰዊእና ገለ ተሪፎም ገና ምሳኻ ይጕዩ ኣለዉ። ከምቲ ኣብ ታሪኽ ዝተመሃርካዮ፡ እቲ ኣብ ንያንደር ብዝተረኽበ ዓስከሬን ንያንደርታል፡ ኣብ ሳይበርያ ኣብ ዝርከብ ብዓቲ ደኒሶቫ ንዝተረኽበ ደኒሶቫንስ፣ እቲ ሓሳቢ ስለ ዝኾነ ‘ሰብ-ኣማሪ’ እቲ ንፈለማ ቅንዕ ኢሉ ዝኸደ ኸኣ ‘ሆሞ-ኢረክተስ፣ ነቶም ሰብን ሰብ መሰል ቀዳሞት ናይ ፍልቀት ኣቦሓጎታት ድማ ‘ኣውስትራሎፒቲካስ’ ተባሂሎም ብብመፈጠሮምን መቓብሮምን ካብ ተሰምዩ፣ ንሕና እውን ሰባት ኢና ‘ናቕፋውያን’ ከኣ ንብሃል። ብዓትታትና ኸኣ ‘ታባታት’ ይብሃሉ። ኣብቶም ታባታት ናይ ባዕልና ዕርድታት ንሰርሕ፡ ብጻልጣ ኢድና ህይወት ከነትርፍ ህይወት እናኸፈልና ዝሰራሕናዮ ዕርድታት! እንሆ ሎሚ ብርሃን ረኣና፡ ብደቅና ከም ብሓድሽ ንሕደስ። ስለዚ ንሕና፡ ሰባት ኢና ንውለድ ንመውት፡ ንሓምም፡ ንደክም ግና ኸኣ ሕልፈ ሰብ ኢና፣ ናይ ናቕፋ ሰብ! ሰባውነትና ግና ኣባኹም ይምርኮስ። ኣብ ቀጻሊ ብዛዕባ ፍልስፍና ህይወት እዚ ‘ናቕፋዊ ሰብ’ ክነግረካ እየ፣ ደሓን ቀኒ። ሳልሳይ ግዜ ትምለስ ትኸውን። ሽዑ ክትምለስ እንከለኻ ዕዮ ገዛ ክህበካ እየ። ኣብ ዓማዊ ውርሻ ንኽተመዝግበኒ ዓሊምካ ተመለስ። ንሎሚ ኣብዚ ይኣኽለና። ኣእምሮኻ ንብድሆ ኣዳሊኻዮ ምጻእ!”

ኪኖ እዚ ዝብሃል ስለ ዘይነበረኒ፡ ብዝተሓደሰ መገድን ድፋዕን ተሓዲሰ፡ ዕዮ ገዛይ ሒዘ ካብ ትማሊ ናብ ሎሚ ተመሊሰ፡ ጉዕዞ ጽባሕ ብዘይ ፍርሒ ጀሚረ ኣለኹ።




ናይ ወርሒ ለካቲት
መጽሔት መንእሰይ ቁ.፹፫
እዋናዊ ፡ ሓበሬታዊ ፡
ትምህርታውን ኣዘናጋዕን
ትሕዝቶታት ሒዛ
ቀሪባ'ላ ።

ኣንብብዋ ፡ ኣስተማቕርዋ!

ፍረ ጻዕሪ
ሕርሻን መግብን
ፊልማዊት መዓሾ

# ገስጋስ ሕርሻዊ ፍርያት፡ ምርምርን ቊጽጽርን



ኣብ ዓመት 2024 ሳላ ዝነበረ ህጡር ክራማትን ውሁድ ስራሕ ኲሎም ዝምልከቶም መሻርኽቲ ልምዓትን ሚኒስትሪ ሕርሻ ምስ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ብምንጽጻር ናይ 138 ሚእታዊት ዕብየት ምህርቲ ዘራእቲ ተመዝጊቡ።

ኣብ ቦታ ሕርሻን ማይኩዖታትን ብድምር ኣብ ኣስታት 53 ሽሕ ሄክታር መሬት ሓድሽ ንጥፈታት ምዕቃብ ሓመድን ማይን ክትግበር እንከሎ፡ ኣብ ልዕሊ ሽዱሽተ ሽሕ ሄክታር መሬት ድማ ጽገና ተኻዪዱ። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ልዕሊ ሓደ ሚልዮን ኲቦ ሜትር ዝዓቐኑ ሓደስቲ ከትርታት ክስራሕ እንከሎ፡ ኣስታት ሓደ ሚእቲ ሽሕ ዝዓቐኑ ድማ ግቡእ ጽገና ተኻዪድሉ። ብዘይካ'ዚ ኣብ ዓመት 2024፡ 24 ሓደስቲ መጠነ-ንኡስ ዲጋታት ተዛዚመን ኣብ ስራሕ ክውዕላ ኽለዋ፡ 22 ዲጋታት ድማ ኣብ መስርሕ ህንጸት ይርከባ።

ልምዓት ብሱል ኣእካል፡ ልዕሊ 414 ሽሕ ሄክታር መሬት ተሓሪሱ። ካብዚ ጠቕላላ ስፍሓት፡ መሽላ ልዕሊ ፍርቂ ስፍሓት ክሽፍን እንከሎ፡ ንመሽላ ስዒቦም ድማ ብልቱግ፡ ጣፍ፡ ስርናይ፡ ዳጉሻ፡ ስገምን ዕፉንን ብቕደም ተኸተል ይስርዑ። እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ ኣብ ዓመት 2024፡ ስፍሓት ልምዓት ጥረታት ልዕሊ 38 ሽሕ ሄክታር፡ ናይ ቀብኢ ኣእካል ድማ ኣስታት 60 ሽሕ ከም ዝነበረ፡ ምስ ናይ ዝሓለፈ ዓመታት ብምንጽጻር ድማ መጠናዊ ዕብየት ኣርእዩ።

ንልምዓት ኣሕምልትን ፍረታትን ብዝምልከት፡ ካብ ኣስታት 4,800 ሄክታር መሬት ልዕሊ 67 ሽሕ ቶን ምህርቲ ፍረታት፣ ካብ ልዕሊ 14 ሽሕ ሄክታር ልምዓት ድማ ልዕሊ 182 ሽሕ ቶን ዝግመት እቶት ኣሕምልቲ ተረኺቡ። ልምዓት ጸባ፡ ብሰንኪ መግቢ እንስሳን ንመግቢ እንስሳ ዝኸውን ውሑስ መሬትን ገስጋስ ከም ዘየመዝገበ፡ ኣብ ቀረብ እንቋቑሖ'ውን ብተመሳሳሊ ብዙሕ ስራሕ የድሊ። ቀረብ እንቋቑሖ ኣብ ዓመት 2025 ምስቲ መንግስቲ ኣእትዩወን ዘሎ ደርሁ ክመሓየሽ ትጽቢት ይግበረሉ። ንዘላቒ ፍታሕ ግና ሓረስቶት ጨቓዊት ባዕሎም ኣጫጪሖም ክራብሑ ይግባእ።

ኣብ ምኽዕባት ምህርቲ መዓር ዝሳተፉ ሓረስቶት ኣብ ዓመት 2024፡ ልዕሊ 11,800 ክበጽሑ እንከለዉ፡ ምህርቲ መዓር'ውን ምስ ናይ ዝሓለፈ ሓሙሽተ ዓመታት ብምንጽጻር ርኡይ ዕብየት ኣመዝጊቡ ይርከብ።

ኣብ መዳይ ጥዕና እንስሳ፡ ንልዕሊ ሓደ ሚልዮን ጥሪት ክታበት ናይ ትሽዓተ ዓይነት ሕማማት ተዋሂቡ፡ ከም ውጽኢቱ ድማ መጠን ሕማምን ሞትን እንስሳታት ኣዝዩ ትሒቱ ይርከብ። ኣብ ቊጽጽር ኣንበጣ ምድረበዳን ገረብን ድማ ኣብ 770 ሽሕ ሄክታር ዳህሳስ ክግበር እንከሎ፡ ኣብ ልዕሊ 34 ሽሕ ሄክታር ዝሰፍሓቱ መሬት ድማ ቊጽጽራዊ ስራሕ ተሰላሲሉ። ኣብ ዓመት 2024፡ ልዕሊ 12 ሽሕ ሓረስቶት ኣብ መደብ ንኡስን ርቡሕን ቃጽያ ሕርሻ (ንርቃሕ) ብምስታፎም፡ ምህርቲ ሎምዘመን ኣብ ምኽዕባት ደራኺ ተራ ነይርዎ።



### ሃገራዊ ትካል ሕርሻዊ ምርምር

ኣብ ትሕቲ ሚኒስትሪ ሕርሻ ዝነጥፍ፡ ሃገራዊ ትካል ሕርሻዊ ምርምር፡ ኣብ ርእሲ'ቲ ኲለን ጨናፍር ዘካየዳኦ ምርምራዊ ንጥፈታት፡ ኣብ ትሽዓተ ዓይነታት ምሩጽ ዘርኢ ስርናይ ዕዉት ምርምራዊ ስራሓት ብምክያድ፡ ንሓረስቶት ክዕደል ተዳልዩ፡ ቀልጢፉ ዝበስል ዓሌት ፋጆሊ ድማ ማዕቢሉ ይርከብ። ነቝጣታት ምርምር ሓልሓለ፡ ጎልጅን ሻምብቆን ኣብ ምርምራዊ ስራሓት ንኡስን ርቡሕን ቃጽያ ሕርሻ (ንርቃሕ) ኣድማዒ ንጥፈታት ኣሰላሲለን ይርከባ።

ብመገዲ ምሕደራ ባህርያዊ ሃብቲ፡ እተወሃሃደ ፍርያምነት ሓመድ ዘጠቓልል ካርታ ሓበሬታ ሓመድ ንዓዲ ገብሩ ክዳሉ ከሎ፡ 573 ዝኸውን ናይ ሓመድ፡ ማይን ድኹዕን ካብ ኲለን ዞባታት ሃገርና ዝተኣከበ ቅምሶታት መርመራ ተኻይዱ።

### ኣገልግሎት ሕጋጋትን ቊጽጽርን

ክፍሊ ኣገልግሎት ሕጋጋትን ቊጽጽርን ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ኣብ ዓመት 2024 ኣብ ምርግጋጽ ድሕነት መግቢ ናብ ዕዳጋ ዝቐርብ ዘሎ ፍርያት እንስሳን ብቑልን ኣተባባዒ ገስጋስ ከም እተመዝገበ ጸብጻባት ናይቲ ክፍሊ ይሕብሩ። ገለ ሕጽረታት ገዲፍካ ጥዕናኡ እተሓለወ ፍርያት መግቢ ናብ ህዝቢ ንምቕራብ ኣብ እተኻየደ ጻዕርታት፡ 18 ኣመስራሕቲ ትካላት ሕርሻዊ መግቢ፡ መስመሩ ዝሓለወ ኣገባብ ብምትእትታው፡ ካብ እተሓዋወሰ ኣሰራርሓን ኣደላልዋን ፍርያት መግቢ ወጺኦን ይርከባ።

እቲ ክፍሊ ምስ ዝምልከቶም ኣካላት መንግስቲ ብምውህሃድ፡ 23 ቶን መዓልቱ ዝሕለፈ መድሃኒትን ክታበትን እንስሳ ኣከባቢ ብዘይሃሲ መንገዲ ከም ተጓሒፉ፡ ልዕሊ 140 ቶን ዝግመት መዓልቱ ዝሕለፈ መድሃኒታት ብቑሊ ድማ ብውሑስ ኣገባብ ንኽጕሓፍ ተዳልዩ ኣሎ። ካብ ዞባታት፡ ብቐንዱ ድማ ኣብ ጋሽ ባርካ ፈርዩ ናብ ዕዳጋ ዝቐርብ ፍርያት ኮመደረ፡ ካብ ብከላ መድሃኒታት ጸረ-ባልዕ ናጻ ንምግባሩ ሓያል ቊጽጽራዊ ስራሕ ብምክያዱ ብከላ ጸረ-ባልዕ መድሃኒት ኮመደረ ኣብዚ እዋን ኣዝዩ ጒዲሉ ይርከብ።

ኣብ ቊጽጽር ብቐዓት ብቑሊ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ብቐዓት ዘርኢ ድንሽ ከምኡ'ውን ኣሕምልቲ ዘረጋግጽ ክልተ መምርሒ ብምድላው ተግባራዊ ስራሕ ይካየድ ኣሎ። ንቑጽጽር ባህርያዊ ሃብቲ ብዝምልከት፡ ድማ ኣብ ዞባ ጋሽ ባርካ፡ ኣብ ከባቢታት ድጉን ፎርቶ ሳዋን ዝርከባ ናይ መስኖ ሕርሻታት፡ ካብ ጨዋምነት ናጻ ምዃነን ዘረጋግጽ መጽናዕቲ ተኻይዱ። ምስ ምስፋሕ ሕርሻታት ግን ገለ ኣብ ገማግም ሩባ ባርካ ኣከባብያዊ ሽግራት ከምዘሎ ክፍለጥ ተኻኢሉ ኣሎ።

ኣብ ዝሓለፈ ዓመት፡ ንድሕነት መግቢ፡ ውሽባ፡ ዘርኢ፡ ሕርሻዊ ስነ-ቀመም፡ ከምኡ'ውን ባህርያዊ ሃብቲ ንቕሓት ንምዕባይ ንኣስታት 2700 ዝኾኑ ሓረስቶት፡ ኣመስራሕቲ ትካላት መግብን ካልኦት መሻርኽትን ብደረጃ ዞባን ማእከላይ ቦታን ብመገዲ እዚ ኽፍሊ ተዋሂቡ። ንድሕነት መግቢ ዘተኲረ ድማ 13 ወረቓቕቲ ዝቐረበሉ እተፈላለዩ መሻርኽቲ ዝተረኽብሉን ሃገራዊ ዋዕላ ድሕነት መግቢ ተኻይዱ ኔሩ።



### ኣብ ዓመታዊ ኣኼባታት ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ኣብ መጻኢ ብፍሉይ ኣተኲሮ ክወሃቦም ርእይቶታት ዝቐረበሎም ንጥፈታት

- ዝሰርሑ ዘለዉ ሕርሻዊ ትሕተ-ቕርጽታት ብፍላይ ድማ ዲጋታት ብግቡእ ኣብ ልምዓት ክውዕሉን ኣበርክቶኦም ክግምገምን
- ወነንቲ ጀራዲን ብጸሓያዊ ጸዓት ንኽልምዑ ኣድላዪ ደገፍ ክግበረሎም
- ብኽነት ድሕረ-ምህርቲ ኣብ ሕርሻዊ ፍርያት ንምውጋድ ብዕቱብ ክስራሕ
- ባህርያዊ ኣገባብ ሕርሻ ክድፍኣሉ
- መፍረ ደርሁ-ገደና ክተባባዕ
- ኣብ ስራሕ ዘይወዓላ ትካላት መኣከቢ ጸባ ስራሕ ዝጅምራሉ መገዲ ክፍጠር
- ኣብ እንስሳታት ዝግበር ምርምራዊ ስራሓት ክሕይል
- ውጽኢት ምርምር ዝኾኑ ርኽበታት ብግቡእ ተሓቲሞም ዝዝርግሑሉ መገዲ ክፍጠር
- ምብዛሕን ምሕዳስን ምሩጻት ዘርእታት መሽላን ብልቱግን ክድፍኣሉ ከምኡ'ውን ኣብ ኣሕምልትን ፍረታትን ዘተኲረ ምርምራዊ ንጥፈታት ክሕይል
- ጸገም ሓረስቶት ማእከል ዝገበረ ምርምራዊ ንጥፈታት ክድፍኣሉ
- ንጥፈታት ምርምር ነቑጣ ሽዕብ ክበራበር
- ኣብ ቴክኖሎጂ መግቢ ዝግበር ምርምራዊ ንጥፈታት ብትኹረት ክሰርሓሉ
- ኣብ ዓመት 2025 መደብ ንርቃሕ ምስ መፍረ ደርሁን ምስራሕ ጋብላዊ ቖፎን ተሳንዩ ክትግበርን ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ዓዲ ክተኣታቶን
- ኣብ ቅድመ-ግንባር ዝርከቡ ክኢላታት ሕርሻ ኣብ ከባቢኦም ምስ ዝርከቡ ወከልቲ ሃማመተኤን ሃማደኤን ከምኡ'ውን ምስ ካልኦት ኲሎም ዝምልከቶም መሻርኽቲ ብትኹረትን ብውህደትን ክሰርሑ

***



**ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ፣ ኣብ ኲሉ!**



ያቆብ መርሃዊ (ጃክ)

# ካብ ኣቦይ ዝተመሃርኩዎ

ስመይ እስተፋንያ እበሃል። ተመሃሪት ሓሙሻይ ክፍሊ እየ። ዝሓለፈ ወርሒ ምስ ባባ ንቤት ትምህርቲ ዝኸውን ስእሊ ክንሰኣል ናብ ከተማ ከይድና ነይርና።

ኣብ ጉደና ሓርነት ምስ በጻሕና ሓንቲ ተመሃሪት፡ "ሸዊት ዓተር ኣሎ፡ ኣሎ ሸዊት ዓተር፡" እናበለት ናብ ጥቓና ቀረበት።

ኣነ ኣተኲረ እናጠመትኩዋ ኣብ ቅድመና ቀርብ ኢላ፡ "ሸዊት ኣሎ ሸዊት ዓተር፡" እናበለት ጉድኒ-ጉድንና ክትስጉም ጀመረት።

"ክንደይ እዩ፧" ባባ ነታ ቈልዓ እናጠመተ ተዛረበ።

"ነዛ ሓንቲ ጥማር ሸዊት ሓሙሸተ ናቕፋ፡" መለሰት እታ ሸያጢት ሸዊት



ቈልዓ።

"ሸዊትኪ ንኽትውድእየን ክንደይ ጥማር ተሪፈናኺ ኣለዋ፧" ባባ ደው ኢሉ ሕቶኡ ቀጸለ።

ኣነ ድማ ንባባን ነታ ሸያጢት ቈልዓን ኣበራርየ እጥምቶም ነበርኩ።

"ሰለስተ ጥማር ተሪፈናኒ ኣለዋ፡" እታ ሸያጢት ቈልዓ ነተን ኣብ ኢዳ ዝነበራ ሰለስተ ጥማር ሸዊት እናወዛወዘት ተዛረበት።

"ሕራይ በሊ ሰለስቲአን ሃብና፡" ባባ ካብ ጅባኡ ዕስራ ናቕፋ ኣውጺኡ ኣቐበላ።

እታ ሸያጢት ሸዊት፡ "የቐንየለይ፡" ብምባል ነቲ ሸዊት ንባባ ኣቐበላ፡ ገንዘብ ድማ ካብ ባባ ተቐበለት። እታ ሸያጢት ዕስራ ናቕፋ ድሕሪ ምቕባላ ማልስ ክትህበና ገንዘብ ክትቈጽር ጀመረት።

ባባ፡ "ደሓን እዛ ጓለይ። እተን ተሪፈን ዘለዋ ሓሙሸተ ናቕፋ ንርሳስ ወይ ንባኒ ኺ ይኹናኺ። ትመሃሪ ዲኺ ጽብቕቲ ቈልዓ፧" ብፍሕሹው ገጽ ተዛረባ።

"እወ ራብዓይ ክፍሊ'የ ዝመሃር። ነዚአን ምስ ወዳእኩወን ናብ ቤት ትምህርቲ ክኸይድ እየ። እዚአን ጥራይ እየን ተሪፈናኒ ነይረን። የቐንየለይ ከኣ፡" እታ ሸያጢት ሸዊት ኣመስገነት።

"ሕራይ በሊ እዛ ጓለይ ኣይትሕመቒ ሕጂ ቅልጥፍ ኢልኪ ናብ ገዛኺ ኪዲ። ትምህርትኺ ኣብ ግዜኺ ከተርክቢ፡" ባባ ክስጉም ጀመረ። ኣነ ድማ ሰዓብኩዎ።

"ሕራይ የቐንየለይ፡" እታ ጓል ብሕጉስ መንፈስ ናብ ቤታ ጉዕዞኣ ጀመረት።

ገለ ሓሙሸተ ስጉምቲ ምስ ከድና፡ "ባባ እንታይ ደኣ ክልተ ከለናስ ሰለስተ ሸዊት ገዚእካ፧" ተገሪመ ሓተትኩዎ።

"እስተፋ ጓለይ እንታይ መሲሉኪ... ንሕና እተን ክልተ እንተገዚእናየን፡ ነታ ሳልሰይቲ ዝገዝኣ የለን። ነዛ ሓንቲ ክትሸይጥ ምሉእ መዓልቲ ኮለል ክትብል ክትውዕል እያ፡"

ኣነ፡ "ስለምንታይ፧" ሓተትኩ።

"ምኽንያቱ፡ እዛ ሓንቲ ካብተን ሒዛተን ዝወፈረት ሸዊት ልላይ ወይ ድማ ምራጽ እያ እትመስል። እዛ ቈልዓ ድማ ነዚኣ ክትብል ኣብዚ ክትውዕል እያ። ልዕሊ ኩሉ ድማ እዛ ሓንቲ እያ መኽሰባ። ስለዚ፡ ሓልዮት እዩ ከምኡ ገይሩኒ እዛ ጓለይ፡" ባባ ካብቲ ሸዊት ዓተር እናበልዐ ተዛረበ።

"እዋይ ባባ ሓቕኻ ኢኻ። ኣብ ድኳን እንዳ ኣቦይ ሃይለ ብዙሕ ግዜ እርኢ እየ። እተን ናይ መወዳእታ ኮሚደረ ወይ ሽጉርቲ ዝገዝአን የለን። ርእይ ኣቢልና ኢና ንምለስ፡" ኣብ ድኳን ዘጓንፍ ክዝክር ፈተንኩ።

"ርኢኺ! ከምኡ እየ ዝበልኩኺ። ኩሉ ግዜ ሰባት ብዙሕ ምርጫ ናብ ዘለዎ ኢና ንኸይድ፡" ባባ ክምስ ብምባል ተዛረበ።

ኣነ፡ "ባባ እዛ ሓንቲ ደኣ ንመን ክትከውን እያ፧" ኣብ ኢደይ ክልተ ሸዊት ዓተር ሒዘ ነበርኩ።

"እዛ ሓንቲ ነዚ ብቕድመኺ ዝመጽእ ዘሎ ቈልዓ ሃብዮ፡" ሓደ ቈልዓ ምስ ኣዲኡ ናባና ገጹ ይመጽእ ነበረ።

ኣብ ጥቓና ምስ በጽሐ ሰላም ኢለ ነታ ሸዊት ዓተር ኣቐበልኩዎ። እቲ ቈልዓን ኣዲኡን ብሕጉስ መንፈስ ተቐበሉኒ። ኣነ ከኣ ክህብ ብምኽኣለይ ካብኦም ንላዕሊ ዝተሓጎስኩ መሰለኒ። ባባ'ውን ሕጉስ ነበረ።

ኣነ፡ ብናይ ባባ ተግባራት ተገሪመ ካብዛ መዓልቲ ለውሃት፡ ሓልዮት፡ ሰናይ ምግባር ተመሃርኩ።

ባባ፡ ነታ ሸያጢት ሸዊት ሓልዩላ። ኣነ ድማ ነቲ ቈልዓ ተረፍ ሸዊትና ብምሃብ ኣሐጉሰዮ። እዛ መዓልቲ ምስ ባባ ምውጽኣይ ዓቢ ትምህርቲ ቀሰምኩ። ምስ ዓበኹ ንሰባት ክሕግዝ ከምዘለኒ ባባ ዝመሃረኒ ሰናይ ተግባር እዩ። ንስኹም'ከ ካብ ባባኹም ወይ ማማኹም እንታይ ተማሂርኩም ትኾኑ፧

**መልእኽቲ፡ ኩሉ ግዜ ንሰባት ሓልዮት ነርኢ!**

# ሕቶ እተመሳቐለ ቃላት

| | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|
| 1 | | 2 | ■ | 3 | | 4 | ■ |
| | ■ | 5 | | | ■ | 6 | |
| 7 | 8 | | ■ | 9 | 10 | | ■ |
| ■ | | ■ | 11 | | | ■ | 12 |
| 13 | | | ■ | ■ | 14 | 15 | |
| 16 | | ■ | 17 | | ■ | | ■ |
| | ■ | 18 | | ■ | 19 | | |

## ንትኹል

1. ግዜኡ ዘሕለፈ፡ ናይ ዝሓለፈ ግዜ
2. ዝኸዶ ንምፍላጥ እንሓቶ
3. ሕንከት፡ ሕፍረት፡ ውርደት
4. ፋዱስ እንበልዖ መግቢ
8. ቋሕማም፡ ድንግዛዝ
10. መሕጸቢ ክዳውንቲ ሰብነት ዝኸውን
12. ጥራጥ
13. ሓሸከት፡ ጭፍራ
15. ስንጭሮ፡ ከሰ
17. ቅድሚ መልሲ ዝመጽእ

## ንጋድም


1. ኣስሓኮ፡ ዒብ
3. ዘይምጥዓይ
5. ኣብ ክረምቲ እንረኽቦ ሸዊት
6. መንእሰያት ዝስልጥኑላ ቦታ
7. ንበይኑ፡ ንጽል
9. ገስረጥ፡ ግዕዙይ፡ ሕማቕ
11. ክድን፡ ሽፍን
13. ዋኒን፡ ስራሕ
14. ላዕለዋይ ክፋል ናይ ገዛ
16. መጸውዒና፡ መርቀሕና
17. ቅድሚ መርዓ ዝፍጸም ጽምብል
18. ንሰበይቲ ወይዘሮ፡ ንሰብኣይ ____
19. ንመስርሕ ጥዋፍ፡ መወልወሊ ዝኸውን ፈሳሲ

## ምስላታት

* ላምሲ ብኢዳ ዝቐርባ ብእግራ ትሓክኽ።
* ሓያል ብስሕለቱ፡ ሓርማዝ ብንጐቱ።
* መዓልትን ከልብን ከይጸዋዕካዮም ይመጽኡ።
* ማይ ክትግልል ግበር ገመድ፡ ዘረባ ክትለምድ እህን ልመድ።
* ሰብ ኣብ ዓዱ፡ እኽሊ ኣብ ዓውዱ።
* ብዘይ ነገርካ ኣይትበኣስ ደሓር ከይትጥዓስ።
* ናይ ዕንቅርቢት የርህጽ፡ ናይ ተመን የንቈልዕጽ።

## ነዛ ኵዕሶ በዛ መእተዊ ጀሚርኩም ናብ መውጽኢ ኣብጽሑዋ

መእተዊ



መውጽኢ

# ምልክታት

ናጽነት ደስበለ - ሳምራዊት መለስ

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ወ/ሮ የርዳናስ ሃብተ ጉብረእግዚኣብሄር+3፡ ብዋል ቤተይ ዳኒኤል የማነብርሃን ዑቕበ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸደሚ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቕና ደማ ወረስቲ ምኻናም ደረጋገጸለም ስለዘበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/3/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ተጋ/ጉብረንገስ ክፍለማርያም፡ ብዋልቲ ቤተይ ተጋ/ነጻት ተኽለ ስለዝተሰወኣት፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቕና ደማ ወረስቲ ምኻናም ደረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/3/25 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ተጋ/ጉብረንገስ ክፍለማርያም፡ ኣደይ ነ/ፍ ሓዳስ ሃብተ ምሕረትኣብ ዝበደፈትለይ ለበዋ ደጽደቐለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/3/25 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኤልዩድ ተኽልያ ሃደለ ምግል ተረፉ፣ ሩፋኤል ተኽልያ ሃደለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/2/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ውሓዚት ሓጎስ ኣብርሃ፡ ኣቦና ሓጎስ ኣብርሃ ጉብረን ኣዴና ኣብርሃት ዓንደብርሃን ኣብረሃን ስለዝዋረፉ፣ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ደረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/3/25 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ለተብርሃን ተከኤ ተኽለሚካኤል፡ ኣሞይ ኣብርሃት ተኽለሚካኤል ስብሁቱ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ተተካእቲ ደቆምን ወረስቲ ምኻንና ደረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/3/25 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳዕዳድ

ከሳሲት ወ/ሮ ኣሶግይት ነጋሽ ተወልደመድህን፡ ተኸሳሲ ኣቶ ኣብርሃም ይዝናው ለገሰ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪብልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን27/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ነጃት ከሊፋ ኣሕመድ፡ ብዋል ቤተይ ዑስማን ኢብራሂም ድራር ስለዝተሰወኦ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ተስፉጋብር ፍረእዝጊ ጉብረ፡ ኣዴና ግደይ ተወልደብርሃን ሓደገ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ደረጋገጸልና ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ተስፉጋብር ፍረእዝጊ ጉብረ፡ ኣቦና ፍረእዝጊ ጉብረ ናደእዝጊ ስለዝዋረፈ፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ደረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ይከኣሎ ኣብርሃም ተኽለ +2፡ ኣደይ ግደይ እምባይ ተላ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ደረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ጉኑት ዓንደብርሃን ዑቕባሚካኤል፡ ተኸሳሲ ኣቶ ሰዒድ መሓመድኑር፡ ናይ ኣፍት ክሲ ተመስሪቱልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን4/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ወ/ሮ ሄለን ንገሰ ወልደሊባኖስ፡ ኣሕመድ ኢብራሂም ዓብደልዓለም ስለዝተሰወኦ፡ ኣነ ምስ 2 ደቀይ ወረስቲ ምኻንና ደረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሮማ ግርማይ ሰንጋል፡ ብዋል ቤተይ መንግስትኣብ ሃደለ ጉብረማርያም ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቁ ደማ ወረስቲ ምኻናም ደረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ከሳሲት ወ/ሮ ለተጼን ይፍጠር፡ ተኸሳሲ ኣቶ ኣመናይ ገብሸ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪብልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን19/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ወ/ሮ ዛይድ የውሃንስ ምራጭ፡ ብዋል ቤተይ ጋይም ኪዳ ሕመ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቁ ደማ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ወረስቲ ምኻናም ደረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኢብራሂም መሓመድ ሽፉ ምግል ተረፉ፣ ኢብራሂም መሓምደሽፉ ዳውድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ማይ ምነ

ኣረፈ ሃዋሽ ላይነይ ምግል ተረፉ፣ መዓበል ሃዋሽ ላይነይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰንዓፈ

ለተብርሃን ግርማይ፡ ኣደይ ኣበባ ደስታ ጉብረ ስለዝዋረፈት፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ኣነ ጥራይ ወረሲት ምኻነይ ደረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ተወልደብርሃን ወልደሊባኖስ ጉብረሊባኖስ ምግል ተረፉ፣ ተወልደብርሃን ጉብረሊባኖስ ጉብረ ተባሂሉ ይተኣረመልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሰመረ ጠዓመ ተስፉ፣ ኣቦይ ጠዓመ ተስፉ ስብሓት ስለዝዋረፈ፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ደረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ጊንዳዕ

ግርማይ ዘርኣይ ዘርያስ ምግል ተረፉ፣ መሓመድዓሊ ዘርኣይ ዘርያስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ዒላበርዕድ

ናርዶስ ኣሕመድ ሰራጅ ምግል ተረፉ፣ ፍርዶስ ኣሕመድ ሰራጅ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ከረን

ወ/ሮ ሪሀዋ ሓድጉ ተመላ፡ ብዋል ቤተይ በረኸትኣብ ባይርኡ ተምዎ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 10 ደቕና ደማ ወረስቲ ምኻናም ደረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ኣቑርደት

ፋጥና ፍሬ ዑስማን ምግል ተረፉ፣ ፋጥና ፍሬ ሓጅ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

በረኸትኣብ ተስፋልደት ሃብተጼን ምግል ተረፉ፣ የናታን ተስፋልደት ሃብተጼን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሓሊማ መሓመድ ሳልሕ ምግል ተረፉ፣ ሓሊማ ሳልሕ ዓፋ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሽሪፋ ሳልሕ ዓብደላ ምግል ተረፉ፣ ሽሪፋ ሳልሕ ዓፋ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ያሲን መሓመድ ዓሊ ምግል ተረፉ፣ ያሲን መ/ዓሊ ዓሊ ሓምድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሙብረሂቱ ኣረፈ ገ/ሂወት ምግል ተረፉ፣ ሙብረሂቱ ኣረፋይነ ገ/ሂወት ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ፊልሞን ምሕረትኣብ ሃብተማርያም፡ ኣደይ ምሕረት ወልደኪዳን ሃብተስላሰ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወረሲ ምኻነይ ደረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

ወ/ሮ ሰናይት ሳሚኤል ጉብረኪዳን፡ ብዋል ቤተይ ኣብርሃም ወልዳይ ዑቕባዝጊ ስለዝተሰወኦ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቁ ደማ ወረስቲ ምኻናም ደረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

ወ/ሮ ከበደሽ ይሕደጎ ናይዝጊ፡ ብዋል ቤተይ ንገሰ ወልዱ ግደ ስለዝተሰወኦ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቕና ደማ ወረስቲ ምኻናም ደረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ት/ዕደመ 1.ማሰረት መሓሪ ተኽለይ 2.ናዝራዊ መሓሪ ተኽለይ፡ ኣዴና ሂወት ሃብተ ሓጎስ ስለዝተሰወኣት፡ ንሕና 2 ደቃ ወረስቲ ምኻንና ደረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

1.ሰኒት ተስፉ ሰልጣን 2.ካብይ ተስፉ ሰልጣን፡ ኣቦና ተስፉ ሰልጣን ገረሊባኖስ ስለዝተሰወኦ፡ ንሕና 2 ደቁ ወረስቲ ምኻንና ደረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ሻምብቆ

ወ/ሮ ሕርይቲ ጉብረመስቀል ጉብረኪዳን፡ ኣቦ ወደይ ኣማንኤል ሃብተሚካኤል ሃብተስላሴ ስለዝተሰወኦ፡ 1ወድና ወረሲ ምኻኑ ደረጋገጸሉ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ጎልጅ

ወ/ሮ ሮማ ኪዳን ተስፉማርያም፡ ወደይ የውሃንስ ታቦት ሃደለ ስለዝተሰወኦ፡ 1 ወዱ ጥራይ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ወረሲ ምኻኑ ደረጋገጸሉ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዑማር ሎራ መሓምደሰፉር ምግል ተረፉ፣ ዑማር ኑር መሓመደሰፊር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ኣፍዓበት

ዓብደልቃድር እድሪስ ሸፃ፡ ስም ኣደይ ሎሪት እድሪስ መሓመድ ዓሊ ምግል ተረፉ፣ ኖሪት እድሪስ መሓመድ ዓሊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓሰብ

ሩታ ተከኤ ሃብተ ምግል ተረፉ፣ ሪውድ ተከኤ ሃብተ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ብስም ሄለን ኣሰፋው ተስፉሚካኤል ዝተመዝገበ ብቁ.ፍ.ዋኒን ASL00036095 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ማ/ከተማ ጎደና 119-10 ቁ/ገዛ 0 ዝርከብ ናይ ቡቲክ ትካለይ፡ ንወ/ሮ ሰለማዊት ተስፋይ በላይ፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ገጀረት ጎደና ሓጋዘ ቁ.ገዛ ካብ ዕለት 01/01/2025 ክሳብ ዕለት 31/12/2026 ኣካርየዮ ስለዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ ስልጣን ዝሓለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ነፍልጥ።

ሄለን ኣሰፋው ተስፉሚካኤል
ሕጋዊ ወኪል ኣሰፋው ተስፉሚካኤል

ወ/ሮ ሃና ሃደለ ጸጋዮ ዝተፈቕደለን ናይ ቤት ትምህርቲ ምምራሕ መኪና ንግዳዊ ትካለን "ፍቕሪ ቤት ትምህርቲ ምምራሕ መኪና" (FQRI DRIVING SCHOOL) ተባሂሉ ክጽዋዕ ስለዝሓተታ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋቡና ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መኣገዲ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምዝምዝገብ ነፍልጥ።

ክፍሊ ወሽጣዊ ንግዲ


## ብስራት ንተምሃሮ ኣንበብቲ መጽሓፍ

ደቅኹም፡ ብጽውያታት ኣቢሎም ስእለ-ኣእምሮኦም እና'ስፍሑ፡ ቀጽሪ ክመልኩ ትደልዩዶ፧ ቀጽሪ ዝተሓላለኸ ዓውዲ ዘይኩነ፡ እናተዘናጋዕካ ህይወት ክትርድኣ ዘኽእል ንመዓልታዊ ህይወትና ትርጉም ዘልብስ እዩ ትብለና ኣላ መጽሓፍ 'ደሴት ቀጽርታት'።
ቀጽርታት ኣብታ ናቶም ደሴት ብምኻን፡ ወግዒ ከፊቶም ኣለዉ። ኣብ ወግዖም ንምክፋል፡ መጽሓፍ 'ደሴት ቀጽርታት' ዓዲግና ነንብብ።
ሌላ ምስ ሓያላት ህጻናትን ደቀንስትየ ቀጽረኛታትን፡ ቀጽራዊ ጸወታታትን ጽውያታትን፡ ምስ ባህርያት ውልቀ-ቀጽርታት ዘላሊ ግድላት ትፈልጡዶ፡ ሜላታት ምምቃል ቀጽርታትን ካልእ ትሕዝቶታትን ዝሓቑፈት መጽሓፍ 'ደሴት ቀጽርታት' ምስ ደቅኹም ብምኻን ክትመራመሩላን ክትዘናግዑላን ትዕድመኩም ኣላ!




ኣብዘን ስቴሽነሪታት ትረኽብዋ
* ሰቲት ስቴሽነሪ (ኣከፋፋሊ)
* ኣውገት መሸጣ መጻሕፍቲ
* ኣርት ጋለሪ
* መረብ ስቴሽነሪ

ደራሲት፡ ፈሪሓ ኣሕመድ
ሞባይል፡ 07175030

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሳምራዊት መለስ

## ቤት-ፍርዲ ሸሪዓ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ከሳሲ ኣደም ኑር ኣብድር መ/ኑር፡ ተኸሳሲት ዓሰል ዓ/ዓለም ሓዲሽ፡ ብዓል ቤትኪ ናይ ሸሪዓ ክሲ ኣቕሪቡልኪ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪልኪ ን4/03/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ፡፡ እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክርአ ምዃኑ ክፈልጥ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ሃብቶም ተኽለማርያም መንግስተኣብ ምጓል ተረፉ፡ ልዋም ሃብተ መንግስተኣብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/03/25 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ፡፡

ዑስማን መሓመድ ዑመር መሓመድ ምጓል ተረፉ፡ ኣሕመድ መሓመድ ዑመር መሓሞድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ወ/ሮ ለምለም ተስፋስላሴ፡ ኣደይ ኣበባ መንግስቱ፡ ወልደኪዳን ስለዝዋረሰት፡ ኣነ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/3/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ኣልማዝ ሓጎስ ጺጋይ፡ ወላዲት ኣዴና ለተዝጊ ተስፋሚካኤል ስለዝዋረሰት፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/3/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ኣርሴማ ሚካኤል ሙብራህቱ ምጓል ተረፉ፡ ኣርሴማ ሚካኤል ጸጋዬ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/3/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ጸገወይኒ ወልደሩፋኤል ሙብራህቱ፡ ኣቦይ ወልደሩፋኤል ሙብራህቱ ስለዝተሰውኡ ንበዓልቲ ቤቱ ናይ መጻምዲ መሰላ ይተሓለወላ፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/3/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ዑስማን እድሪስ ዑስማን ምጓል ተረፉ፡ ዑስማን እድሪስ ዑትማን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/03/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቁ.1 ይቕረብ፡፡

ፍቓዱ ጺጋኣለም ስምኦን ምጓል ተረፉ፡ ፋኒኤል ጺጋኣለም ስምኦን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/03/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቁ.1 ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ወ/ሮ ሕርያ ያቆብ ሙሳ ምጓል ተረፉ፡ ሑሩያ ያቆብ ሙሳ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/03/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ቀሺ ሃብተማርያም ተኽለሚካኤል ኣርኣያ፡ ሓፍተይ ኣሰቱ ተኽለሚካኤል ኣርኣያ ስለዝዋረሰት፡ ወላድ ስለ ዘይብሉ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይን 10 ደቂ ሓወይን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ቀሺ ሃብተማርያም ተኽለሚካኤል ኣርኣያ፡ ወለድና ተኽለሚካኤል ኣርኣያ ተወልደብርሃንን ጸገ ገብረማርያም ኢማሑን ስለዝዋረሩ፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይን 10 ደቂ ሓወይን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ሮዛ ጎይትኦም እስቲፋኖስ፡ ብወከል ወ/ሮ ሰናይት ጎይትኦም እስቲፋኖስ፡ ተኸሳሲ ኣቶ በረኸት ሃይለ ስሎሙን፡ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን20/03/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክርአ ምዃኑ ክፈልጥ፡፡

ኢሉል ተስፎም ተስፋማርያም ምጓል ተረፉ፡ ኢሉል ተስፋጋብር ተስፋማርያ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/03/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሚልዮን ተስፋይ ተኽለ ምጓል ተረፉ፡ ሚለን ተስፋይ ተኽለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/03/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ምብራቕ ክብርኣብ ገብረገርግሽ፡ ብወከል ወ/ሮ ዛይድ ተኽለጼን፡ ተኸሳሲ ኣቶ ኤልፒደዮ ዴላሽርናና፡ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን13/03/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክርአ ምዃኑ ክፈልጥ፡፡

ስምኦን ተስፋየሃንስ በላይ ምጓል ተረፉ፡ ሳሙኤል ተስፋየሃንስ በላይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/03/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ተኽለሚካኤል ገብረኣብ ቀለታ፡ ወሃብቶ ወሃቢ፡ ኣቶ ገብረኣብ ቀለታ ባህታን ወ/ሮ ምልእተ ሃብቱ ኣስገደን ብዕለት 31/07/2024 ኣብ ዓዲ ሕምብርቲ ምም/ሓወሲ ከተማ ዝርከብ ገዛ ብወሃብቶ ስለ ዝሃቡኒ ይድደቐለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ኣቶ ሃብተማርያም ልጃም ንገሰ ምጓል ተረፉ፡ ርበል ልጃም ንገሰ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/03/25 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ኤደን ተኽለሚካኤል ዑቕባሚካኤል ምጓል ተረፉ፡ ሸዊት ሃይለሚካኤል ዑቕባሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/03/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ፍረወይኒ ገብረሚካኤል መድሃኔ ምጓል ተረፉ፡ የርሳሌም ገብረሚካኤል መድሃኔ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/03/25 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ኣጸደ ኣርኣያ ፍስሃዬ፡ ብዓል ቤተይ ኣቶ ሓድጉ ኢሳቕ ገብረመድህን ስለዝተሰውኡ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 8 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሰንዓፈ

የርዳኖስ ኣብርሃም ኣሰፋው ምጓል ተረፉ፡ የርዳኖስ ኣራብሃም ኣሰፋው ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/02/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣልማዝ መንገሻ መሰሉ፡ ብዓል ቤተይ ኣብርሃ ኣሰፋው ምጓል ተረፉ፡ ኣብርሃም ኣሰፋው ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ትዝቃወም እንተሎ፡ ን27/02/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ከረን

ኣቶ ሙሴ ኣብርሃም ዑቕባጋርጊ፡ ወከል ሃብቶም ኣብርሃ ዑቕባጋርጊስ፡ ተጸዋዒት ኤልሳ ኣርኣያ ተኽለየሱስ፡ ናይ ሲቪል ጉዳይ ንሊዝ ማእከል ዝበረ ቀሪቡልኪ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን10/03/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ፡፡ እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክርአ ምዃኑ ክፈልጥ፡፡

ኣቶ እዮብ ተኽሊስ ሰሌማን፡ ወለድና ተኽሊስ ሰሌማን ኣሻልን ለታይ ባርያይ ዑቕባይን ስለዝዋረሩ፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ባጽዕ

ምሕረትኣብ ተስፋይ ኣድሓኖም፡ ኣቦይ ተስፋይ ኣድሓኖም ኣብራሃም ስለዝዋረሩ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡



## ምስጋና

ብዕረፍቲ ኣዚና እንኽብሮን እንፍቅሮን ኣቦና እስቲፋኖስ ገብረእግዚኣብሄር በራኺ /ኩቺ ወደይ/ ብዓል ቤታ ንፍስሄር ሃና ኒጋሽ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ካብ ዓዲ ጥልያን ናፖሊ ሪሳ ንምስዳድ ዝተሓባበርኩምና ኣባላት ቤት ጽሕፈት ኢምባሲ ኤርትራ ኣባላት ማሕበረ ኮም ናፖሊ ተቐማጦ ከተማ ናፖሊ ከምኡ'ውን ክሳብ እምኒ ጸለም ብምኻድ ዘቃበርኩምና፡ ኣብ ገዛና እናተመላለስኩም ዘጸናናዕኩምና፡ ካብ ወሽጥን ወጻእን ሃገራት እናደወልኩም ዘጸናናዕኩምና የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ከምዝዋጸና ንገልጽ፡፡

ጓሉ ወ/ሮ ስቴላ /ኢየሩሳሌም/ እስቲፋኖስ
ምስ ምሉኣት ስድራቤት



## ምስጋና

ብዕረፍቲ እኽፍቕራ ኣዴና ወ/ሮ ጸገዛና ወልደየሱስ ሙብራህቱ፡ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ሕማማ ዝተመላለስኩም፡ ኣብ ዓዲ ባሮ ዘቃበርኩምናን ካብ ወሽጥን ወጻእን ብቴሌፎን ዘጸናናዕኩምናን፡ ሕሰም ኣይትርከቡ የቐንየልና እናበልና ሓዘንና ንዓጹ፡፡

ብዓልቤታ ኣቶ ተስፋይ ወልደስላሴ ክፍሉ (ረሺ)
ምስ ምሉኣት ስድራቤት



## ምስጋና

ብዕረፍቲ እኽፍቕራ ጓልናን ሓፍትናን ለተንስኣ ኣሰፋው ቀሺ በኺት፡ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ሪሳ ኣብ ምፍናውን ኣብ ምቕባልን ዝተሓባበርኩምና፡ ኣብ ዓደሕፈራ ዘቃበርኩምናን ካብ ወሽጥን ወጻእን ብቴሌፎን ዘጸናናዕኩምናን ሕሰም ኣይትርከቡ የቐንየልና እናበልና ሓዘንና ንዓጹ፡፡

ኣዳኣ ወ/ሮ ብርዛፍ ገብረመድህን
ምስ ኣሕዋታን ምሉኣት ስድራቤትን

# Notice

Notice is hereby given to the public the current shareholders of "*International Car Rental PLC*" in their extra ordinary meeting conducted on 18th day of December 2024 have passed the following resolution.

1. Mr. Amanuel Tesfay Weldetinsae is admitted as a new member contributing 20 shares par value Nakfa 571.00 equivalent to 11,420.00 (Eleven thousand four hundred twenty).
2. The shares of the company have increased from 600 to 620 shares and capital of the company has increased from Nakfa 342,600.00 (three hundred forty-two thousand and six hundred) to Nakfa 354,020.00 (three hundred fifty-four thousand and twenty).
3. Hence, the new shares of the members will be as follows.

| Name | No. of Shares | Value in Nakfa |
|---|---|---|
| 3.1 Mr. Kidane Abraha Bahta | 560 | 319,760.00 |
| 3.2 Mrs. Elsa Abraha | 20 | 11,420.00 |
| 3.3 Mr. Menghis Gebremedhin | 20 | 11,420.00 |
| 3.4 Mr. Amanuel Tesfay Weldetinsae | 20 | 11,420.00 |
| Total shares | **620** | **354,020.00** |

____________"*International Car Rental PLC*"

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ኣህጉራዊ ውድድር ፍርቂ ማራቶን ምብራቕ ኣፍሪቃ ተኻዪዱ

### ኣትለት ሳምሶን ኣማረ ሃትሪክ ሰሪሑ

**ኣሚር ዓሊ**
**ስእሊ - ክብሮም ጸሃየ**

ዓመታዊ ምስ ጽምብል ስርሒት ፈንቅል ተኣሳሲሩ ዝካየድ፡ ብማሕበር ኣትሌቲክስ ዓለምን ምብራቕ ኣፍሪቃን ኣፍልጦ ዘለዎ፡ ኣህጉራዊ ውድድር ፍርቂ ማራቶን ምብራቕ ኣፍሪቃ፡ ትማሊ ዓርቢ 7 ለካቲት ኣብ ወደባዊት ከተማ ባጽዕ ተኻዪዱ።

ኣብቲ ውድድር፡ ካብ ዞባታት ማእከል፡ ደቡብ፡ ዓንሰባ፡ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕርን ጋሽ ባርካን፡ ካብ ሚ/ምኽልኻልን ናይ ውልቂ ኣትሌታትን ከምኡ'ውን ካብ ጎረባብቲ ሃገራት ደቡብ ሱዳን፡ ኬንያን ኡጋንዳን ዝተዋጽኡ ልዕሊ 65 ኣትሌታት ተሳቲፎም።

ኣብ 2022 ከምኡ'ውን ኣብ 2024 ዕወት ናይ'ዚ ውድድር ዝነበረ ኦሎምፒካዊ ኣትሌት ሳምሶን ኣማረ፡ ንናይ 2019 ውድድር ብ61 ደቒቕን 01 ካልኢትን ብምዕዋት ዝበለጸ ሰዓት ሒዙ ዘሎ ኣትሌት ኣሮን ክፍሉ፡ ን21 ኪሎሜተር ብትሕቲ ሓደ ሰዓት ክዛዘም ዝኽእል ኣትሌት ኣብራር ዑስማን፡ ዕወት ማራቶን ኣስመራ 2023 ናህም ኤርሚያስ (ሰንዓፈ)፡ ከምኡ'ውን ብ25 ጥሪ ኣብ መምጓዪ ማራቶን ቀዳማይን ካልኣይን ብምዃን ዝተዓወቱ መርሃዊ ከሱተን ብርሃ ተስፋይን እውን ተጠመትቲ ኣትሌታት ናይዚ ውድድር ነይሮም።

ኣትሌታት ካብ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ብዝተፈልየ ብዘይ ኣቀላጣፊ ውድድር (Pace Maker) እዮም ውድድሮም ጀሚሮም። ዓብይ ጉጅለ ቡቲ ፈለማ ዝተበገሰቶ ን21 ኪሎሜተር ብትሕቲ ሓደ ሰዓት ትውድኦ እያ ትመስል ነይራ።

ውድድር ሸሞንተ ኪሎሜተር ምስ ተሳዕሎ ዓብይ ጉጅለ ብሓባራዊ ፍጥነት መርሃዊ ከሱተን ብርሃ ተስፋይን ትገዱ ኣብ ዝነበርትሉ ህሞት፡ ገለ ውሑዳት ኣትሌታት ነታ ጉጅለ ክፍንዉዋ ጀሚሮም። ኣብ ከባቢ ሓወልቲ፡ ኣብ ቅድሚት ዝነበረ ኣትሌት ዞባ ማእከል - ብርሃ፡ ድሕሪ ምትርራፋ፡ መሪሕነት እታ ጉጅለ ኣብ እንግድዓ ኣትሌት ዞባ ጋሽ ባርካ መርሃዊ ከሱተ ወደቐ። መርሃዊ እውን ውድድሩ ከቋርጽ ተቐሲቡ።

ድሕሪ'ዚ ኣትሌታት ኣሮን ክፍለን ሳምሶን ኣማረን ንሓለፍቲ ምቕላስ ዓብይ ጉጅለ ተረኪቦም። ጸወታ ክዛዘም ሓሙሽተ ኪሎሜተር ምስ ተረፎ፡ ንኣትሌታት ደቡብ - ሳምሶን፡ ሚካኤል ሰዩም፡ ኣፈወርቂ ብርሃን፡ ናይ ማእከል ኣሮን፡ ናይ ጋሽ ባርካ ናህም (ሰንዓፈ) ከምኡ'ውን ኡጋንዳዊ ሲላስ በኪን ዝሓዘት ቀዳመይቲ ጉጅለ ተመስሪታ። ደቡብ፡ ተሰፋ ኣንበራትሎም ዝነበረት ኣትሌታታ ምስታ ጉጅለ ብምንባሮም፡ ዝያዳ ተረባሒት ክትከውን ክኢሉ።

ድሕሪ ውሑዳት ሜትሮታት ከኣ ናህም ካብታ ጉጅለ ተረፉ። ጋሽ ባርካ፡ ብመገዲ እዚ ኣትሌት ፖደየም ክትድይብ ዝነበራ ተስፋ ደማ ጸልመተ። እዛ ጉጅለ ኣንፈታ ናብ ሲኖማ ኢዮዳ ኣብ ዘማዕደወትሉ ኡጋንዳዊ ሲላስ፡ ብናቱ ፍጥነት ክመርሓ ጀመረ። በዩኑ ኣገጻር ኣትሌታት ደቡብ ክጠማጠም ዝወዓለ ኣሮን ከኣ ግዳይ ኮነ።

ኦሎምፒካዊ ኣትሌት ሳምሶን ኣብ ታሪኻዊ ጸርግያ ስጋለት ቀጣን ፍጥነቱ ወሲኹ፡ ንቀዳመይቲ ጉጅለ ክበታትና ኣብ ዝጀመረሉ፡ ብድሕሪኡ ንዝነበረ ወዲ ጋንታኡ ኣፈወርቂ - ካብ እግሩ ከይተርፍ ተማሕጸኖ።

ብናይ ግዜ ርእሱ ፍጥነት ዝሰየድ ዝነበረ ሳምሶን፡ ንመወዳድርቱ ራሕሪሑ ዕወት ናይ'ዚ ውድድር ኮይኑ፡ ኣፈወርቂን ኡጋንዳዊ ሰላሰን ከኣ ካልኣይን ሳልሳይን ደረጃ ሒዞም። ኮኾብ ሚካኤልን ናህምን ድማ ክሳብ ሻዱሻይ ደረጃ ሒዞም።

ኣብ ውሽጢ ኣርባዕተ ዓመታት ንሳልሳይ ግዜኡ ነዚ ውድድር ዝተዓወተሉ ሳምሶን፡ 45 ሽሕ ናቕፋ (3 ሽሕ ዶላር) ዓብይ ዋንጫን ወርቂ መዳልያን ተሸሊሙ። ኣፈወርቂ፡ 30 ሽሕ ናቕፋ (2 ሽሕ ዶላር)ን ብሩር መዳልያን፡ ኡጋንዳዊ ሲላስ ከኣ፡ 22 ሽሕን 500 ናቕፋ (1500 ዶላር)ን ኑሓስ መዳልያን ተሸሊሙ።

ኣብቲ ዕለት፡ ደቂ-ኣንስትዮ ኣትሌታት ናይ 10 ኪሎሜተር ውድድር ዘካየዳ ኮይኖም፡ ኣትሌታት ፓራ ኦሎምፒክስ ድማ፡ ሓሙሽተ ኪሎሜተር ዝርሕቀቱ ናይ ዊልቸየር ውድድር ኣካይዶም።

ደቂ ኣንስትዮ ኣትሌታት፡ ካብ ፈለማ እየን ፋሕ ፋሕ ኢለን። እታ ክትዕወት ልዑል ግምት ተዋሂብዋ ዝነበረ ኦሎምፒካዊት ኣትሌት ራሄል ዳኒኤል፡ ኣብ ታሪኻዊ ጸርግያ ስጋለት ቀጣን ንፍጥነት ኣትሌታት ክለብ ደንደን ዶልሺ ተስፋን የርዳኖስ ሃብተስላሴን ክትጻወሮ ብዘይምኽኣላ፡ ክለብ ደንደን እያ ጸብሊል ኢላ።

የርዳኖስ፡ ንኦሎምፒካዊት ኣትሌት ዶልሺ ኣኸቲላ ብምዕዋት፡ ተሸላሚት 15 ሽሕ ናቕፋ፡ ዓብይ ዋንጫን ወርቂ መዳልያን ኮይና። ዶልሺ፡ 10 ሽሕ ናቕፋን ብሩር መዳልያን፡ ኣትሌት ዞባ ማእከል ማርያ ዓሊ ከኣ ሸውዓተ ሽሕ ናቕፋን ኑሓስ መዳልያን ተሸሊመን።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ውድድር ፓራ ኦሎምፒክ፡ ኣትሌት ስብሃቱ ከሰተ ቀዳማይ ደረጃ ክሕዝ እንከሎ፡ ኣትሌታት ቴድሮስ ኣርኣያ፡ ሓይልኣብ ኤልያስን ተሰፋሂወት ተኽለን ክሳብ ራብዓይ ተርታ ብምሓዝ ካብ ሓሙሽተ ሽሕ ክሳብ ሓደ ሽሕ ዝዝርጋሕ ገንዘባዊ ሽልማት ወሲዶም።












## ሄኖክ፡ ሳልሳይ ኣትዩ

ኤርትራዊ ተቐዳዳማይ ክሉብ ኣስታና ሄኖክ ምሉእብርሃን፡ ትማሊ ኣብ ዖማን ኣብ ዝተኻየደ ናይ ሓደ መዓልቲ ውድድር፡ ሳልሳይ ብምእታው ጸቡቕ ወጽኢት ኣመዝጊቡ።

ኣብ 2023 ዝጀመረን ሎሚ ዓመት ንሳልሳይ ግዜኡ ዝተኻየደን እዚ 'ሙስካት' ተባሂሉ ዝጽዋዕ ናይ ክላሲክ ውድድር፡ ናይ 1.1 ናይ ዩሲ.ኣይ መለክዒ ኣለዎ። ትማሊ ከኣ 170.3 ኪሎሜተር ሸፊኑ።

እዚ ናይ 'ምድረብዳ ናይ ክላሲክ' ውድድር፡ ሓጺርቲ ግን ከኣ ፈታኒ ምንቅዕራር ዝነበሮ ሽዱሽተ ዓቐብታት ኣካቲቱ ነይሩ።

ኣብ ሓደ ጉጅለ ዝበጽሐ ተቐዳደምቲ ሒዛ ዝነበረት ዓብይ ጉጅለ ኣብ ዝነበረቶ ቅጽበታዊ ውድድር ከኣ፡ ተቐዳዳማይ ክሉብ ቱዶር ፕሮ ሳይክሊን ሬክ ፕሉመርስ፡ ብ4 ሰዓት፡ 16 ደቒቕን 50 ካልኢትን ተዓዊቱሉ። ሰለስተ ግዜ ኣኪታቲሉ ዓንተር ቅድድም ብሽክሊታ ኣፍሪቃ ዝተሰምየ ሄኖክ ከኣ፡ ንቤልጀዮማዊ ተቐዳዳማይ ክሉብ ኣርኪያ - ጀካዝ በርማክስ ሰዒቡ፡ ብዝተመሳሰለ ግዜ ፖደየም ዘደየቦ ደረጃ ሒዙ።

ሄኖክ፡ በዚ ወጽኢት 70 ናይ ዩሲ.ኣይ ነጥቢ ረኺቡ ኣሎ። ብሓፈሻ እዚ ወዲ 25 ዓመት መንእሰይ ተቐዳዳማይ፡ ኣብዚ ዓመት ድሮ ኣብ 10 ናይ ውድድር መዓልታት 1386 ኪሎሜተር ክዘውር እንከሎ፡ 92 ናይ ዩሲ.ኣይ ነጥቢ ከኣ ኣኪቡ ይርከብ።

ኤርትራዊ ኣባል ክሉብ ጃይሲ.ኤል - ናህም ዘርኣይ፡ ኣብዚ ውድድር ናይ 2025 ፋልማይ ጸወታኡ ኣሰላሲሉ። ግዜ ከይከሰረ ከኣ፡ መበል 14 ኣትዩ። ተቐዳዳማይ ትረንጋኑ መትከል እዮብ ድማ፡ 9 ደቒቕን 39 ካልኢትን ድሒሩ መበል 85 ደረጃ ሒዙ።

እዚ ውድድር፡ መኽፈቲ ናይ ዘር ዖማን ኮይኑ፡ እዞም ኤርትራውያን ተቐዳደምቲ፡ ካብ ሎሚ ጀሚሮም ኣብዚ ሓሙሽተ መድረኽ ዘለዎ ዘር ክወዳደሩ እዮም። ጸቡቕ ዕድል!



**መደብ ጸወታ**

**ሎሚ**

**ሃገራዊ ውድድር ኩዕሶ እግሪ ደቂ ኣንስትዮ**

ዓንሰባ - ጉዳይፍ 1:30 ድ.ቀ

ሰሜናዊ - ጋሽ ባርካ 3:30 ድ.ቀ

**ኤፍኤ ካፕ**

ለይቶን ኦሬን - ማን ሲቲ 3:15 ድ.ቀ

ኤቨርተን - ቦርንማውዝ 6:00 ድ.ቀ

ብራይተን - ቸልሲ 11:00 ድ.ቀ

**ላሊጋ**

ሪያል ማድሪድ - ኣትሌቲኮ ማድሪድ 11:00 ድ.ቀ

# ዜና ወጻኢ

ተስፉኣለም የማነ

## ሩስያን ቤላሩስን፡ ንምዕጻው ትካል ረድኤት ኣመሪካ ብሓጎስ ይቕበላ

ፌደረሽን ሩስያን ቤላሩስን ምምሕዳር ዶናልድ ትራምፕ ንወከልቲ ኣህጉራዊ ልምዓት ኣመሪካ (USAID) ብምዕጻዉ ሓጎሰን ከምዝገለጻ ተሓቢሩ።

ኣፈኛ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ሩስያ ማርያ ዛካሮቫ ብሓሙስ ኣብ ዝሃበቶ ሓበሬታ፡ እቲ ንኣህጉራዊ ልምዓትን ሓገዝን ተባሂሉ ዝቖመ ትካል ረድኤት፡ ተልእኾኡ ረሲዑ ኣብ ምዕላው መንግስታት፡ ምቕያር ፖለቲካዊ ስርዓትን መንግስታዊ መዋቕርን መሳርሒ ኮይኑ ክገልግል ከምዝጸንሐ ወቒሳ።

ናይ ቅድም ፕረዚደንት'ታ ሃገር ዝነበረን ሕጂ ምክትል ኣቦመንበር ቤት-ምኽሪ ሃገራዊ ድሕንነት ኮይኑ ዝሰርሕ ዘሎን ድሚትሪ መድቨደቭ ድማ፡ ትራምፕ ነቲ ትካል ንምብታን ዝወሰዶ ዘሎ ስጉምቲታት ንብልሑ ዘንጸባርቕ ምዃኑ ገሊጹ።

ፕረዚደንት ቤላሩስ - ኣሌክሳንደር ሉካሸንኮ ድማ፡ ምምሕዳር ኣመሪካ ነቲ ትካል ረድኤት ንምፍራስ ዝወሰዶ ዘሎ ስጉምቲ፡ ግብረ-መልሲ ናይቲ ኣብ መንጎ ቤላሩስን ኣመሪካን ዘሎ ልሕሉሕ ዝምድና ንኽመሓየሽ ንትራምፕ ዘቕረብሉ ጻውዒት ከምዝኾነ ሓቢሩ።

ፕረዚደንት ትራምፕ፡ ንሰልፊ ደሞክራትስ ወኪሉም ናብ ስልጣን ዝድይቡ ፖለቲከኛታት ኣመሪካ፡ ተግባራቶም ኣብ መራኸቢ ብዙሓን ኣመሪካ እወታዊ ሽፋን ንኽረክብ እቲ ትካል ረድኤት ቢልዮናት ዶላር ክምውል ከምዝጸንሐ'ዩ ዝኸሰሰ።

እዚ ከይኣክል፡ ምስ ረብሓታት ኣመሪካ ኣብ ዝጻረሩ ካልኦት ሓያላ ንጥፈታት'ውን ተዋፊሩ ከምዝጸንሐ ዝጠቐሰ እቲ ፕረዚደንት፡ ክሱብ ምጽራያት ዝተፈደሉ ኑቲ ብመንግስቲ ክስልዓሉ ዝጸንሐ ባጀት ደው ኣብሉዎ ከምዝሎ'ዩ ዝገለጸ።

እቲ ፕረዚደንት ብተወሳኺ፡ ንቑጽሪ ናይ'ቶም ኣብቲ ትካል ዝሰርሑ ሰራሕተኛታት'ውን ካብ 10,000 ናብ 290 ከውርዶ ወጢኑ ከምዘሎ፡ ሰበስልጣን ናይ'ቲ ምምሕዳር ይሕብሩ።

ኣብ 2023፡ ወከልቲ ኣህጉራዊ ልምዓት ኣመሪካ ካብ መንግስቲ ኣመሪካ ኣስታት 60 ቢልዮን ዶላር ባጀት ረኺቡ ከምዝነበረ፡ ጸብጻባት ይጠቕሱ።

ብተወሳኺ፡ ኣብቲ ዓመት'ቲ ዩክሬን ዋጋ 16 ቢልዮን ዶላር ዝኾነት ረድኤት ካብቲ



ትካል ብምርካብ ኣብ ቅድሚት ክትሰርዕ እንከላ፡ ኢትዮጵያ ድማ 1.6 ቢልዮን ዶላር ብምቕባላ፡ ብደረጃ ዓለም ንዩክሬን ሰዒባ ካብቲ ትካል ረድኤት ዝበዝሐ ሓገዝ ዝተመጠወላ ሃገር ተባሂላ ኣብ ካልኣይ ደረጃ ተሰሪዓ ትርከብ።

## ኣርጀንቲና፡ ካብ ውድብ ጥዕና ዓለም ወጺኣ

ኣርጀንቲና፡ ውድብ ጥዕና ዓለም ዘኽተሎ ፖሊሲ ፈጺማ ከምዘይትኣምነሉ ብምሕባር፡ ኣባልነታ ከምዝሰሓበት ኣፍሊጣ።



ቤት-ጽሕፈት ፕረዚደንት እታ ሃገር ሃቪየር ሚለይ ኣቢሉ ሰሙንዚ ብትዊተር ኣብ ዝዘርግሖ ሓበሬታ፡ ውድብ ጥዕና ዓለም ብደረጃ ዓለም ንዘጋጥሙ ጥዕናዊ ሓደጋታት ህጹጽ ምላሽ ኣብ ምሃብ ከወሃሉ ተባሂሉ ከምዝተመስረተ ድሕሪ ምጥቃሱ፡ ኣብ እዋን ዓለማዊ ለበዳ ኮሮና-ቫይረስ ዘተኽተሎ ፖሊሲ ግን ምልኡ ብምልኡ ከምዝፈሸለ ገሊጹ።

እቲ ቤት-ጽሕፈት ወሲኹ፡ ብመሰረት መምርሒ ውድብ ጥዕና ዓለም ንዊሕ ኣዋርሕ ዝቐጸለ ወሸባታት፡ ኣብ ታሪኽ ዓለም ሓደ ካብ'ቶም ዝዓበዩ ቁጠባዊ ዕንወት ከምዝኸተለ ሓቢሩ።

ኣርጀንቲና'ውን በቲ ዘኽተሎ ንብዙሕ ኣዋርሕ ዝቐጸለን ብውድብ ጥዕና ዓለም ዝተደገፈን ናይ ዕጸዋ ፖሊሲ፡ ቁጠባኣ ብኸቢድ ምድኻሙ ከይኣክል 130,000 ዜጋታታ'ውን በቲ ቫይረስ ተለኺፎም ከምዝሞቱ እቲ ቤት-ጽሕፈት ወሲኹ ኣረዲኡ።

ኣፈኛ እቲ ፕረዚደንት - ማኑዌል ኣዶርኒ ብወገኑ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ኣርጀንቲና ካብቲ ኣህጉራዊ ውድብ እትቕበሎ ዝኾነ ሓገዝ ስለዘይብላ፡ ኣባልነታ ንምስሓብ ዝወሰደቶ ስጉምቲ ኣብ ጽሬት ጥዕናኣ ዘኸትሎ ኣሉታዊ ሳዕቤን ከምዘይህሉዎ ኣስሚሩሉ።

ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ እውን፡ ውድብ ጥዕና ዓለም ኣብ ዓለማዊ ለበዳ ኮሮና ቫይረስን ካልኦት ናይ ጥዕና ቅልውላዋትን ዘኽተሎ ኣተሓሕዛ ግጉይ ምንባሩ ብምውቃስ፡ ኣመሪካ ካብቲ ውድብ ኣብ ውሽጢ 12 ኣዋርሕ ኣባልነታ ክትስሕብ ዝገድድ ውሳነ ከምዝሓለፈ ይዝከር።

ኣመሪካ፡ ኣብ 2024 ነቲ ኣህጉራዊ ውድብ ኣስታት 950 ሚልዮን ዶላር ከምዝበርከተትሉ፡ እዚ ከኣ 15% ካብ ጠቕላላ እቶት እቲ ውድብ ዝሸፍን ምንባሩ፡ ጸብጻባት ይሕብሩ።

## እስራኤል፡ ነበርቲ ቓዛ ንምልቃቕ ትዳሎ

ሚኒስተር ምክልኻል እስራኤል- ኢዝራኤል ካትዝ፡ ሰራዊት ሃገሩ፡ ፍልስጤማውያን ነበርቲ ቓዛ ዓደም ገዲፎም ናብ ስደት ከምርሑ ዘተባብዕ ወጥን ብቕልጡፍ ከዳሉ ትእዛዝ ሂቡዎ ከምዝሎ ሓቢሩ።

እቲ ሚኒስተር ዝሓለፈ ሓሙስ ብትዊተር ኣብ ዝዘርግሖ ሓበሬታ፡ እተን ንወተሃደራዊ መጥቃዕቲ እስራኤል ኣብ ወሽመጥ ቓዛ ብዕውታ ክቃወማ ዝጸንሓ ሃገራት ኤውሮጳ ኑየም ካብ ቓዛ ዝስደዱ ፍልስጤማውያን ተቐቢለን ከዕቍብኦም ከምዝለወን እውን ኣተሓሳሰበ።

እተን ሃገራት ንነበርቲ ቓዛ ተቐቢለን ከዕቀባ ፍቓደኛታት ምስ ዘይኮና ግን፡ ግብዝናአን ዝጉልሓሉ ሕማቕ ታሪኻዊ ኢጋጥሚ ክኸውን ምዃኑ፡ እቲ ብዓል-ስልጣን ወሲኹ ኣረዲኡ።

ሚኒስተር ኢዝራኤል ካትዝ እዚ ዝገለጸ ዘሎ፡ ኣመሪካ ንወሽመጥ ቓዛ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽራ ብምእታው፡ ነቲ ፍጹም ዓንዩ ዘሎ ትሕተ-ቅርጺታት ዳግማይ ናይ ምህናጽ ሓላፍነት ክትወስድ ምዃና፡ ፕረዚደንት ትራምፕ ዝሓለፈ ሰሉስ ድሕሪ ምሕባሩ እዩ።

ትራምፕ ወሲኹ፡ ኣመሪካ ንቓዛ ኣብ እትቆጻጸረሉ ግዜ፡ ፍልስጤማውያን ነበርቲ ናይ'ቲ ወሽመጥ ናብ ጎረባብቲ ሃገራት ክግዕዙ ምዃኖም'ውን ገሊጹ ነይሩ።

በቲ መግለጺ ዝተሓጎሰ ኢዝራኤል ካትዝ ድማ፡ "ትራምፕ ንፍልስጤማውያን ካብ ቓዛ ንምግዓዝ 'ተባዕ ተበግሶ' ወሲዱ" ክብል መጕሱዎ።

እቲ እስራኤላዊ ብዓልስልጣን ወሲኹ፡ ስጳኛ፡ ኣየርላንድን ኖርወይን ንእስራኤል ብጉዳይ ኲናት ወሽመጥ ቓዛ ብተደጋጋሚ ክኸስኣ ከምዝጸንሓ ድሕሪ ምሕባር፡ ነበርቲ ቓዛ ናብ መሬተን ክኣትዉ ከፍቅዳ ብሕጊ ግዴታ ከምዝለወን ኣስሚሩሉ።

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ስጳኛ - ጆስ ማኑዌል ኣልባረዝ ግን፡ "ንሕና እንታይ ክንገብር ከምዝለና፡ ሳልሳይ ኣካል መጺኡ



ክነግረና ኣይንደልን ኢና" ብምባል ነቲ ጻውዒት ነጺጉዎ።

ኣየርላንድ'ውን ተመሳሳሊ ምላሽ ሂባትሉ ከምዝኾነ መርበብ ሓበሬታ 'ሮሻ ቱደይ' ጸብጺቡ።

ልዕሊ 2 ሚልዮናት ዝኾኑ ነበርቲ ወሽመጥ ቓዛ፡ ንስለ እስራኤል ተባሂሉ ናብ ጎረባብቲ ሃገራት ዓረብን ኤውሮጳን ንምግዓዞም ዝሕሰብ ዘሎ መደባት፡ ብማሕበረ-ሰብ ዓለም ተረር ተቓውሞን ኩነኔን ይገጥሞ ከምዘሎ'ዩ ዝግለጽ።

## ኣብ ኮንጎ፡ 'ልዕሊ 150 እሱራት ደቂ-ኣንስትዮ ብትራጀዲ ሞይተን' ተባሂሉ

ኣብ ደሞክራሲያዊት ረፓብሊክ ኮንጎ፡ ኣብ ቤት-ማእሰርቲ ተዳጒነን ዝነበራ ልዕሊ 150 ደቂ-ኣንስትዮ ብዘጋጠመን ጾታዊ ዓመጽን ሓደጋ ባርዕ ሓዊን ከምዝሞታ፡ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ሓቢሩ።

እተን እሱራት ኣብ ምብራቓዊት ከተማ ጎማ ተዳጒነን ከምዝነበራ ዝጠቐሰ እቲ ውድብ፡ ብ'ኤም-23' ዝፍለጡ ዕጡቓት ተቓወምቲ ዝሓለፈ ሰሙን



ናብታ ከተማ ኣብ ዝኣተዉሉ ህሞት፡ ኣብ ጥቓኣን ካብ ዝርከብ ቤት-ማእሰርቲ ብዝሞለቑ ደቂ-ተባዕትዮ እሱራት ብጾታዊ ከምእተዓመጻ ኣረዲኡ።

ብመሰረት ኣፈኛ ቤት-ጽሕፈት ሰብኣዊ መሰል ሕቡራት ሃገራት - ሰይፍ ማጋንጎ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ እቶም እሱራት ካብ ማሕበስ ድሕሪ ምምላቖም እዮም ነተን ደቂ-ኣንስትዮ ብምዕማጽ ነቲ ዝተኣሰራሉ ሰፍራ ሓዊ ረኩምሉ ሃዲሞም።

ከም ሳዕቤኑ ከኣ፡ ካብ'ተን ጾታዊ ዓመጽ ዝፈጸሙለን 165 እሱራት፡ ካብ 9 ክሳብ 13 ዝኾና ጥራሕ ካብቲ ባርዕ ብህይወት ክድሕና ክኢለን።

እቲ ዘሰክሕክሕ ፍጻመ፡ ዕጡቓት ተቓወምቲ እታ ሃገር ዝሓለፈ 27 ጥሪ ናብታ ከተማ ብምእታው ምስ ሓይሊታት መንግስቲ ጽዑዕ ኲናት ኣብ ዘካየዱሉ ዝነበሩ እዋን'ዩ ኣጋጢሙ።

ነቲ ኣብታ ከተማ ዝተኸስተ ዕግርግር ምኽንያት ብምግባር፡ ልዕሊ 4,000 ደቂ-ተባዕትዮ እሱራት ካብቲ መዘዝ'ሖ ዝበዝሕ ቤት-ማእሰርቲ ማዕጾ ሰይሮም ብሓንሳብ ከምዝሃደሙ፡ ገለ ካብ'ኣቶም ግን ብሓለውቲ እቲ ቤት-ማእሰርቲ ከምእተቐትሉ ይሕበር።

## ኣመሪካ - 10 ሰባት ዘሳፈረት ነፋሪት ተሰዊራ

ሰራሕተኛታት ህይወት ኣድሕን ኣመሪካ፡ ኣብ ክፍለ ኣላስካ ንዝተሰወረት ነፋሪት ንምድላይ ተዋፊሮም ከምዝለዉ ተሓቢሩ።

እታ ንኣሸቶ ነፋሪት 10 ሰባት ኣሳፊራ ኣብቲ ብበረድ ዝተሸፈነ ሰሜናዊ ዋልታ እናበረረት እንከላ'ያ ዝሓለፈ ሓሙስ ምሸት ሃንደበት ናይ ሬድዮ ርክብ ብምቁራጽ ተሰዊራ።

እቲ ፍጻመ ከኣ፡ ኣብ ኣቪየሽን ኣመሪካ ኣብ ውሽጢ 8 መዓልታት ካብ ዘጋጠሙ ዓበይቲ ሓደጋታት ሳልሳይ ኮይኑ ተመዝጊቡ ኣሎ።

ኣብቲ ኣቐዲሙ ብ29ን 31ን ጥሪ ዘጋጠመ ተኸታታሊ ሓደጋታት ምሕምሻሽ ነፈርቲ፡ ብድምር 74 ሰባት ከምዝሞቱ ጸብጻባት ይሕብሩ።

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ኣድራሻ | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ጎዳይፍ | 8/02/2025 | ጎደና እምበረሚ 755፡ ክቢ. ሚ/ሪ ሕርሻ | 181672 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services